
ሓዳስ ኤርትራ
መበል 32 ዓመት ቁ.269 ሰሉስ 11 ሓምለ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ምውስዋስ ንምህዳእ ቃንዛ ምሕኵልቲን ብርኪን



ገጽ 3
ተራ ስነ-ጥበብን ስነ-ጥበበኛታትን ኣብ ምህናጽ ሃገርን ሃገራውነትን

ገጽ 4
ሽጋራን መስተን ኣብ እዋን ክትትና




ገጽ 5
ስነ-ስርዓት መመረቕታ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓለይ



ገጽ 7
ሃገራዊ ውድድር ትሕቲ 23 ዓመት ናብ ውድድራት ፍርቂ ፍጻመ በጺሑ



# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንምክትል ኣቦ-መንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ኣዘራሪቡ

ምክትል ኣቦመንበር ልኡላዊ ባይቶ ሱዳን ጀነራል ማልክ ዓጋር፡ ኤርትራ ግጭት ሱዳን ብሱዳናዊ ተበግሶን ደገፍ ዞባውያን መሻርኽትን ክፍታሕ ዘለዎ ጽኑዕ መርገጺ ደጊማ ምርግጋጻ ሱዳን ዓቢ ግምት ከም ዝህቦ ገለጸ።

ጀነራል ማልክ ዓጋር ዝ. ዝሓለፈ ብ8 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ምሸት ኣብ ኣዳራሽ ደንደን ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ድሕሪ ዘካየዶ ርክብ፡ ንማዕከናት ዜና ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ቃለ-መሕትት እዩ።

ጀነራል ማልክ ዓጋር ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዘካየዶ ርክብ፡ ኣብ ህልው ኩነታት ሱዳንን ኩናት ደው ንምባል ዘሎ ተኽእሎታትን ከምኡ'ውን ተራ ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ፍታሕ ከም ዝተመያየጡ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኤርትራ - ካብ'ቲ ኣብ ሱዳን ዘሎ ግጭት ንዝመጽኡ ሱዳናውያን፡ ከም ስደተኛታት ዘይኮነ ከም ዜጋታት ከም እትቕበሎም፣ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ኣባይቱ ከፊቱ ሓንገፋይ ከም ዝተቐበሎም ኣረጋጊጹ።0

"ኤርትራ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-ኩነት፡ ንሱዳናውያን ኣሕዋት ደባ ከፊት ምግባራ ዓቢ ግምት እንህቦ'ዩ" ዝበለ ጀነራል ማልክ ዓጋር፡ ንመርገጺ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ሞጎሶ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብወገን ኤርትራ - ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ኣማኻሪ ፕረዚደንት ኣቶ የማነ ገብረኣብን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሱዳን ኣቶ ዒሳ ኣሕመድ ዒሳን፣ ብወገን ሱዳን ድማ፡ ወኪል ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣምባሳደር ደፋዓላ ኣልሓጅ ተረኺቦም ነይሮም።



# ቤት-ትምህርት ሙዚቃ ኣስመራ 20 ተመሃሮ ኣመሪቓ

ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ - ኣስመራ፡ ንሰለስተ ዓመታት ዝምሃሩዎም 20 ተመሃሮ - ኣብ ኣዳራሽ ሲነማ መዓስከር ደንደን ብሰርቲፊኬት ኣመሪቓ።

ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ መምህር ኤልያስ ወልደጊብርኤል፡ እቲ ትምህርቲ - መባእታዊ ብዛዕባ ወህደትን ታሪኽን ሙዚቃ፣ ቴክኖሎጂ ሙዚቃ፣ ሓባራዊ ምጽዋት ያታዊ መሳርሒታት ሙዚቃ፣ ከምኡ'ውን ኣፍልጦን ምስትምቓር ደሃያትን ዝምድናኦምን ዘጠቓለለ ምዃኑ ገሊጹ።

ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ፡ ጉደኒ-ጉደኒ እዚ - ኣብ ሓዙሓዝ ንኣባላት ሃገራዊ ወተሃደራዊ ባንድ ምረሻ፡ ንኽልተ ዓመትን መንፈቕን ብድርስት ሙዚቃን ምምራሕ ኦርኬስትራን ከምዝምሃረት ጠቒሱ ድማ፡ ኩሎም ብሞያ ሙዚቃ ዝተመረቑ መንእሰያት ንናይ መጻኢ ምዕባለኦም ዝድርኽን ንሃብታም ሃገራዊ ባህሊ ዘዕቢን ፍልጠት ከምዝቐሰሙ ኣረዲኡ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ሰዩም ብወገኑ፡ ስልጠንኦቲ ቀሲሞምዎ ዘለዉ ሞያ - ኣካል ሰፊሕ ዓውደ ስነ-ጥበብ ምዃኑ ጠቒሱ፡ ኣብ ምንቃሕን ምጉስጓስን ሓፋሽ ልዑል ተራ ክጻወት ዘለዎ እምነት ገሊጹ።

ቤት-ትምህርቲ ሙዚቃ ኣስመራ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል 21 ግዜኣ እያ ብሰርቲፊኬት ተመርቕ ዘላ።




# ሓጋዝ - ፋሕ ዝበለ ህዝቢ ብምጥርናፉ ኣገልግሎት ረኺቡ

ኣብ ሰንጭሮታትን ጎቦታትን ፋሕ ኢሉም ዝጸንሑ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ፡ ሳላ ዝተጠርነፉ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክረኽቡ ከም ዝበቕዑ ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ኣቶ ተኽለሃይማኖት መሳኤል ሓቢሩ።

ገለ ክፋል ነበርቲ እንጭናቕ፡ ጦ፡ ኢዳምርን ግላስን ኣብ ዓዲ-ሓረስታይ ምምሕዳር ከባቢ ግላስ፣ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ጎልዩ፡ ሸንጌንን ሓሸሻይን ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓሸሻይ፣ ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ኢዳምር ብዝተማሳሰለ - ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናብ ዝረኽቡሉ ከባቢ ከም ዝተጠርነፉ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ኣረዲኡ።

ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ዘመናዊ ስርዓተ-ቀረብ ማይ ብምውዳዱ፡ ልዕሊ 75% ካብ ነበርቲ ጽሬቱ ዝተዋሕሰ ማይ ክረኽቡ እኽእለዉ፡ ልዕሊ 85% ካብ ነበርቲ ተጠቀምቲ ማስመር ተንቀሳቓሲ ተለፎን ኪኾኑ በቒዖም። ናይ መባእታን ማእከላይን ትካላት ትምህርቲ፡ 7 ትካላት ጥዕናን 2 ኹጥታት ጥዕናን ግቡእ ኣገልግሎት ኣብ ምሃብ ይርከባ።

## ኮሎኔል በራኺ ሃይለ ተሰዊኡ

ኣብ ፖሊስ ኤርትራ - ሓላፊ ጨንፈር ምክልኻል ገበን ጉዳም ተጋዳላይ ኮሎኔል በራኺ ሃይለ ወልደሚካኤል፡ ብዝሓደሮ ሕማም ኣብ ወሽጢ ሃገርን ወጻኢን ሕክምናዊ ክንክን ክግበረሉ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ብ9 ሓምለ ኣብ መበል 69 ዓመት ዕድሜኡ ተሰዊኡ።



ኣብ ወርሒ ለካቲት 1975 ኣብ መስርዕ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረ ተጋዳላይ በራኺ ሃይሉ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊትን ፖሊስ ኤርትራን ክሳብ ዕለተ ማስዋእቱ ብዝተፈላለየ ጽፍሒታት ሓላፍነት፡ ብልዑል ሞያዊ ብቕዓት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ተጋዳላይ ኮሎኔል በራኺ ሃይሉ፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ 4 ደቂን እዩ።

ስነ-ስርዓት ቀብሩ፡ ትማሊ 10 ሓምለ 2023 ሰዓት 4:00 ድሕሪቐትሪ ኣብ መካነ መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ፖሊስ ኤርትራ፡ ብማስዋእቲ ኣባሉ ጉዳም ተጋዳላይ ኮሎኔል በራኺ ሃይለ ዝተሰመዖ ሓዘን እናገለጸ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ተመንዩ።

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ምውሰዋስ ንምህዳእ ቃንዛ ምሕኩልቲን ብርኪን

ኩነታት ጥዕናና፡ ካብ ታሕቲ ካብ ኣእጋርና እዩ ዝጅምር - ዋላኳ ኣእጋርና ኣብ ጥዕናና ዘርክትዎ ነገር ዘሎ ኮይኑ ኣይሰምዓና። ኣእጋርና ኣብ ዕለታዊ ጉዕዞና ሓያሎ ስርሓት እዮም ዝካይዱ። ካብን ናብን ክንንቀሳቐስ ክንኸይድ ይጠቐሙና። ኣብ ምህዳእ ቃንዛ ምሕኩልቲ፡ ብርክን ዓንዲ ሕቖን ድማ ልዑል ጥቕሚ ኣለዎም። ነዚ ረብሓዚ ንምርካብ እምበኣር፡ ነዞም ዝስዕቡ ቀለልቲ ናይ ኣእጋር ምውስዋስ/ምንቅስቓስ ዘውትር።

* ምጉዓዝ ብኣጻብዕቲ እግሪ

እዚ ዓይነት ምውስዋስ መንደቕ ወይ ካልእ ምርኩስ ሒዝካ ክትገብሮ ትኽእል ኢኻ። ፈለማ ብኣጻብዕትኻ ደው በል፡ ንኣስታት 20 ካልኢት ንቕድሚት ተጓዓዝ። ብድሕሪኡ፡ ናይ ኣስታት 10 ወይ 15 ካልኢት ዕረፍቲ ብምውሳድ ነቲ ምውስዋስ ኣካላት ክሳብ ሓሙሽተ ግዜን ልዕሊኡን ደጋግሞ። እዚ ዓይነት ምውስዋስ ኣብ ኣእጋርካ ንዘርከቡ ኩሎም ጭዋዳታት ኣብ ምድልዳልን ምትዕጽጻፍን ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።

* ምዛር ዓንኩር-ዓንኩሪቶ

ዓንኩር-ዓንኩሪቶ፡ ኣብ ጉዕዞ ብእግሪ ከም ኡ’ውን ኣብ ጸንዕትን ኣቃውማን ኣካላትና ዓቢ ጽልዋ እዩ ዘለዎ። ዝተኣሰረ/ዝተጨበጠ ዓንኩር-ዓንኩሪቶ ምስ ዝህልወና፡ ድኹም ኣካላዊ ብቕዓት ክንውንን ንገደድ። ብዙሕ ክንንቀሳቐስ ድማ ንጽገም። ዝተጨበጠ ዓንኩር-ዓንኩሪቶ፡ ጠንቂ ቃንዛ መላግቦን ጭዋዳን ምኻኑ እዩም ክኢላታት ሕክምና ዘረድኡ።

ምውስዋስ ዓንኩር-ዓንኩሪቶ ብሕቖኻ ኣብ ባይታ ብምድቃስ እዩ ዝፍጸም። ሓደ እግርኻ ልዕሊ ርእሰኻ ሓፍ ብምባል ድማ፡ እግርኻ ናብ የማንን ናብ ጸጋምን እናኣብራረኻ ከም ሰዓት ን10 ሳዕ ተኸልሰሎ። ነታ ካልኣይቲ እግርካ ድማ ብዝመሳሰል። ነዚ ዓይነት ምውስዋስ - ኣብ መዓልቲ ክሳብ 5 ሳዕ ክትደጋግሞ ይከኣል።

* ምጽቃጥ/ምድራዝ ኣጻብዕቲ

ኣእጋርና ብሓፈሻ ኣጻብዕትና ድማ ብፍላይ፡ ልክዕ ከም ካልእ ክፍሊ ሰብነትና፡ ቅድሚ ስርሖም ምጅማሮም ክረስሑን ክፈታትሑን የድልዮም እዩ። እንተዘይኮይኑ፡ ብዘየጾኡ ስርሖም ክኪይዱ ኣይክእሉን እዮም። ምድራዝ ኣጻብዕቲ ብዙሕ ጸገም ዘይፈጥር ኣእጋርና ንምፍታሕን ንምርሳዕን ዝሕግዝ ዓይነት ምውስዋስ እዩ።

እዚ ዓይነት ምውስዋስ ክተካይድ፡ ፈለማ ብዘየጾኡ ደው ክትብል ይግባእ። ነቲ መሬት ብኣጻብዕቲ ኣእጋርካ ክትጭብጦ ፈትን። ቀስ እናበልካ ክሳብ ሓሙሽተ እትፈቅድ ድማ - ኣጻብዕቲ ኣእጋርካ ኣይተዝልቖ። ነዚ ክሳብ 10 ሳዕ ደጋግምካ ግበሮ። ብድሕሪኡ ኑዩም ኣጻብዕቲ ምእንቲ ክዘዩ ብኣእዳውካ ድረዞም።

* ምልዓል ርሳስ ብኣጻብዕቲ

እዚ ዓይነት ምውስዋስ ኣዝዩ ቀሊል ኮይኑ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ክትገብሮ ዝከኣል እዩ። ሓንቲ ፒሮ ወይ ርሳስ ናብ መሬት ብምድርባይ፡ ኣብ ቅድሚኣ ደው ብምባል በጻብዕቲ ኣእጋርካ ክተልዕላ ፈትን። ብእግርኻ ምስ ኣልዓልካያ ድማ፡ ን10 ካልኢታት ዝኣክል ኣብ ሀዋ ጠልጢል ክተብላ ፈትን። እዚ ንኣእጋርካ እናበራረኻ ኣብ ሓደ እዋን ክሳብ 5 ሳዕ ክትገብሮ ይከኣል።

* ምዕጻፍ ከብዲ እግሪ

እዚ ምንቅስቓስ እዚ፡ ብቐሊሉ ክረስሑ ዝይክእሉ ኣብ ከብዲ እግርና ንዘርከቡ ጭዋዳታት ዝየዳ ይጠቅም። እዞም ጭዋዳታት እዚኦም ኣዝዮም ቀጠንቲ እዮም። ነዚ ምውስዋስ ኣካላት ንምክያድ ‘ጥንዴጅን’ ሰድያን የድሊ። ኣብ ሰድያ ኮፍ ድሕሪ ምባል፡ ክልቲኡ ኣእጋርካ ንቕድሚት ሰጥ ኣቢልካ ዘርግሖ። ንሓንቲ ካብ ኣጻብዕቲ እግርኻ ምስ እግሪ ናይቲ ሰድያ ጉዘርካ እሰሮ። ቀስ ኢልካ ንድሕሪት ገጽካ ጎምበስ ክትብል ፈትን። ነዚ ክሳብ እታ ጥንዴጅ ትወጠር ክትገብሮ ይከኣል። ክሳብ 10 ሳዕ ምስ እተካይዶ ድማ፡ ወጽኢቱ ብቐሊሉ ክትዕዘቦ ትኽእል።



### ቃንዛ ብርኪ ንምህዳእ ዝሕግዝ ምውስዋስ ኣካላት

ዝኾነ ሰብ ስፖርተኛ ይኹን ሰራሕተኛ፡ ኣብ ብርኩ ዘጋጥሞ ቃንዛ ካብ ዝኾነ ንጥፈታቱ ከሰናኽሎ ይርአ እዩ። ቃንዛ ብርኪ፡ ኣብ ብዙሓት ሰባት ዘጋጥም ጸገም እዩ። ‘ክሊቭ ላንድ’ ዝተባህለ ኣብ ኣመሪካ ዝርከብ ናይ ወጌሳ ክሊኒክ ዝዘርግሖ መጽናዕቲ ከም ዘጸርዩ ዓመታዊ ልዕሊ 18 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ቃንዛ ብርኪ የጋጥሞም። ኣዚ ቃንዛ እዚ ድማ፦

- ካብ መጉዳእቲ፡
- ካብ ሕብጥ መላግቢ፡
- ነድሪ በርሳ (bursitis)፡
- ካብ መገመይቲ . . . ወዘተ ዝሰዓብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

እቲ ጸቡቕ ነገር፡ ቃንዛ ብርኪ ንምፍዋስ ዝሕግዙ ሓያሎ መንገድታት ምህላው እዩ። ገለ ካብኡ ኣብ ምዝርጋሕን ምድልዳልን ዘድሃበ ብውልቅኻ እተካይዶ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት እዩ።

* ምውስዋስ ኣካላትን ቃንዛ ብርክን

እቲ ቃንዛ ብርኪ - ብመጉዳእቲ፡ ብሙብጣሕቲ ወይ ብሕበጥ መላግቦ ዝሰዓብ ምስ ዝኸውን፡ ናይ ምዝርጋሕ፡ ምፍትታሕ ወይ ምድልዳል ምውስዋስ ኣካላት ምክያድ ንምትዕጽጻፍን ምዝርጋሕን ናይቲ ብርኪ ኣመሓይሹ ካብ ቃንዛ ንምንጋፍ የኽእል።

ኣብ ምዝርጋሕን ምድልዳልን ዘተኰረ ምውስዋስ ኣካላት፡ ዓይኒ ብርኪ ደገፍም ንዘርከቡ ጭዋዳታት ኣብ ምፍትታሕን ምሕያልን ዓቢ ተራ እዩ ዘለዎ። ድልዱል ጭዋዳ መሓውር ምውናን፡ ኣብ ልዕሊ ብርኪ ንዘወርድ ጸቕጥን ተጻዕኖን ኣብ ምፍኳስ - ልዑል ግደ ኣለዎ። መላግቦ ብርኪ ብዘይ ጸገም ክንቀሳቐስ እውን ይሕግዞ።

ቃንዛ ብርኪ ንምህዳእ ምውስዋስ ኣካላት ቅድሚ ምጅማርካ፡ ናብ ሓኪም ቀሪብካ እቲ ክተካይዶ ዝደለኻ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ቅኑዕን ኣይቅኑዕን ከተረጋግጽ ኣገዳሲ ምኳኑ ግና ኣይትዘንግዕ። ምኽንያቱ፡ ብጌጋ እቲ ዘይኮነ ጸገም ኣብ ዝያዳ ስዒቦን ዝጥቀሱ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት ገለ ምኽርታትን ምትዕርራይን ክወሃበካ ስለ ዝኽእል።

ሰብነትና ቅድሚ ምፍትታሕና/ምዝርጋሕና፡ ካብ 5 ክሳብ 10 ደቓይቕ መላእ ኣካላትና ከርስና ይግባእ። ከም ብሽክለታ ምዝዋር፡ ብእግሪ ምጉዓዝ. . . ወዘተ ዝኣመሰሉ ፍኹስ ዝበሉ ዓይነት ምውስዋሳት፡ ኣካላትና/መሓውርና ንምርስሳን ይሕግዙ እዮም።

ኣካላትና ምስ ኣሞቕና ነዞም ዝስዕቡ መፈታትሒ ምውስዋስ ኣካላት ክንገብርዎም ንፈትን። እዞም መፈታትሒ ምውስዋስ ኣካላት፡ ዳሕራይ ምውስዋስ ኣካላት ምስ ወዳእና ከም መዕጸዊ ንጥቀመሎም ኢና።

እዚ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት፡ ኣብ ሰሙን ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ግዜ ከዘውትሮ ንምክር።

= ምውስዋስ ንምፍትታሕ ኩርኹረ እግሪን ዳንጋን

እዚ ዓይነት ምውስዋስ ኣካላት፡ ኣብ ታሕተዋይ ኣእጋር፡ ብፍላይ ኣብ ዳንጋ ንዘርከበ ጭዋዳ ዘተኰረ እዩ። ነዚ ምውስዋስ ኣካላት ንምክያድ፦

* ናብ መንደቕ ጠሚትካ ደው በል፡

* ክልቲኡ ኣእዳውካ ኣብ መንደቕ ኣጸጊዕካ ሓደ እግርካ ክሳብ’ቲ ዝጥዕመካ ንድሕሪት ሰደዶ/ዘርግሖ። ክልቲኡ ኣእጋርካ ምሉእ ብምሉእ ብምርጋጽ፡ ኣጻብዕቲ ናይ ክልቲኡ ኣእጋርካ ናብቲ መንደቕ ክጥምት ኣለዎ። ነታ ናብ መንደቕ ቀሪባ ዘላ እግርካ፡ ካብ ብርኪ ዕጻፍ ዝርግሐ፡ ነታ ድሕሪት ዘላ እግርካ ድማ - ሰጥ ኢላ ከም እትወርድ ብምግባር ነቲ ምውስዋስ ኣካላት ደጋግሞ።

* ኣብ ፍሲ.ወክፉ 30 ካልኢት፡ ነተን ኣእጋር እናኣብራረኻ ደጊምካ ከተካይዶ ይከኣል።

= ምፍትታሕ ጭዋዳታት ሰለፍ

እዚ ዓይነት ምውስዋስ እዚ፡ ኣብ ቅድሚት ሰለፍ ናብ ዝርከቡ ጭዋዳ ዘድሃበ እዩ። ንጭዋዳታት ምሕኩልቲ ንምዝናይ እውን ይሕግዝ እዩ።

ነዚ ምውስዋስ ኣካላት ንምክያድ፦

* መደገፍታ ሰድያ ብምግባር ወይ ኣብ መንደቕ ብምድጋፍ፡ ሓንቲ እግርካ ምሉእ ብምሉእ ናብ መቐመጫኻ ክሳብ ትትንክፍ ደጊምካ ዕጸፋ።

* እዚ ኣገባብ ን30 ካልኢት ምስ ኣካየድካዮ - በታ ካልኣይቲ እግርካ ከተብርዮ ትኽእል።

= ምፍትታሕ ሓለኸቶ መሓውር

እዚ ምውስዋስ ኣካላት’ዚ፡ ኣብ ድሕሪት ክፍሊ ሰለፍ ንዝርከብ ጭዋዳ ንምፍትታሕ ዘኽእል እዩ። እዚ ምውስዋስ ኣካላት ክሳብ ምሕኩልትኻ ንዝርከብ ጭዋዳ ንምፍትታሕ እውን ይሕግዝ እዩ።

ነዚ ምውስዋስ ኣካላት እዚ ንምዝውታር፦

* ምሉእ ብምሉእ ብሕቖኻ ብምድቃስ፡ ክልቲኦም ኣእጋርካ ሰጥ ኣቢልካ ዘርግሓዮም።

* ነታ የማይቲ እግርካ ከይዓጸፍካ ነታ ጸጋመይቲ እግርካ ሰጥ ኣቢልካ ሓፍ ከተብላ ፈትን። ብርክኻ ክዕጸፍ ከም ዘይብሉ ደጊግምካ ዘክር።

* ኣእዳውካ ኣብ ዳሕረዋይ ሰለፍካ ኣቐሚጥካ ንእግርካ ደግፎ።

* እዚ ምውስዋስ’ዚ ን30 ካልኢታት ድሕሪ ምክያድካ፡ በታ ካልኣይቲ እግርካ ክትሰርሖ ይከኣል።

ምውስዋስ ኣካላት ንድልዱል መሓውር

ንብርኪ ኣብ ዝድግፉ ጭዋዳታት ዘድሃበ ምውስዋስ ኣካላት ምክያድ፡ ኣብ መላግቦ ብርኪ ንዘሎ ጸቕጢ ኣብ ምፍኳስ ልዑል ጥቕሚ እዩ ዘለዎ።

ብርክና ድልዱልን ቃንዛ ዘይፈጥርን ንምግባር፡ ኣብ ሓለኸቶ (ኣብ ድሕሪት ዝርከብ ክፍሊ ሰለፍ)፡ ኣብ ቅድሚት ዝርከብ ጭውዳታት ሰለፍ፡ ኣብ ጭዋዳታት ምሕኩልቲ ዘድሃበ ምውስዋስ ኣካላት ምግባር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

= ብሸፈል ርኹምሽ ምባል

ብሸፈል ርኹምሽ ምባል፡ ንጭዋዳታት ሓለኸቶን ጭዋዳታት ምሕኩልትን ንምድልዳል ዝሕግዝ ዝበለጸ ምውስዋስ ኣካላት እዩ።

እዚ ምውስዋስ ኣካላት ንምግባር፦

* ምሉእ ብምሉእ ሰጥ ኢልካ ኣእዳውካ ንቕድሚት ብምዝርጋሕ ደው በል።

* ን30 ሰንቲ ሜተር ዝኣክል ብርክኻ ዓጺፍካ ርኹምሽ ብምባል፡ ንዝተወሰነ ካልኢታት ጸናሕ። ብድሕሪኡ ቀስ ኢልካ ከም እትትንስእ ግበር።

* እዚ ኣገባብ እዚ - ክሳብ 10 ሳዕ ክትደጋግሞ ይግባእ።

= ምውስዋስ ንጭዋዳታት ዳንጋ

እዚ ዓይነት ምውስዋስ፡ ትሕቲ ብርክና ንዝርከቡ ጭዋዳታት ናይ ዳንጋና ንምሕያልን ንምዝናይን የኽእል።

* ኣብ መንደቕ ተጸጊዕካ ብፍርቂ እግርኻን ኣጻብዕትኻን ተደጊፍካ ደው በል። ዳሕረዋይ ከብዲ እግርካ መሬት ክትንክፍ የብሉን።

* ብኣጻብዕትኻ ተደጊፍካ ንላዕሊ ደጋጊምካ ብምምጣጥ፡ ጭዋዳታት ዳንጋኻ ክሳብ ዝስመዓካ ተወሳወስ።

* እዚ ኣገባብ - ክሳብ 10 ሳዕ ደጋጊምካ ኣካይዶ።

= ምውስዋስ ንጭዋዳታት ሓለኸቶ

ነዚ ምውስዋስ ኣካላት ንምክያድ፦

* ኣብ ሰድያ ተደጊፍካ ሰጥ ኢልካ ደው ብምባል፡ ነታ የማይቲ እግርካ ማዕረ ብርክኻ ንድሕሪት ዕጸፋ። ካብ 5 ክሳብ 10 ደቒቕ ዓጺፍካያ ክትጸንሕ ይከኣል።

* ነዚ ኣገባብ ደጊምካ ክሳብ 10 ሳዕ ምስ ኣካየድካዮ ነታ ዘየሰራሕካላ ጸጋመይቲ እግርካ ከተብርያ ትኽእል።

= ምዝርጋሕ ኣእጋር

ነዚ ምውስዋስ ኣካላት ንምግባር፦

* ፈለማ ኣብ ሰድያ ምሉእ ብምሉእ ኮፍ በል።

* ነታ ጸጋመይቲ እግርካ ዓጺፍካ፡ ነታ የማይቲ ማዕረ ከብድኻ ካብ መሬት ተፈንቲታ ሰጥ ኢላ ከም እትዝርጋሕ ግበር።

* ን5 ወይ 10 ካልኢታት ምስ ጸናሕካ ድማ፡ በታ ዘየሰራሕካላ ጸጋመይቲ እግርካ ነቲ ምውስዋስ ቀጽሎ።




ምንጪ፦ nutrilifetips

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ


ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳጶ. 1284



# ባህልን ስነ-ጥበብን

ኤፍረም ሃብተጽዮን

## ተራ ስነ-ጥበብን ስነ-ጥበበኛታትን ኣብ ምህናጽ ሃገርን ሃገራውነትን

ታሪኽ መድረኻት ስነ-ጥበብ ኤርትራን እቲ ኣብ ኣርብዓታት ፈኺም እናበለ ዝገሃረ ፖለቲካዊ ንቕሓት ህዝቢ ኤርትራን ብዘዮግቦኡ እንተ ኣዝቢብዮ፡ ዝኢ ከም ኣርእስቲ ጽሑፈይ ኣዝቢረዮ ዘለኹ ሓሳብ መህጠሪ ዝኾነውን ቋርፍ ንምንዳይ ተፍትሽ ምኽያድ ኣየድልየኣን'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ስረትን ምስልን ሃገራት ካብቲ ዝመጽኣሉ ሓዲድን ዘውንናኦ ድሕረ-ብይታን'ዩ ዝቖወም ዝበሃል። በዚ መንጽር፡ ዜጋታት እተን ሃገራት ዝተፈላለየ ጥበባዊ ዓቕምን ሃገራዊ ስምዒትን ይውንኑ።

ዝኢ ሓሳብ'ዚ ዝኾነውን መዘኻሪ ሓሳባት፡ ማህደር ዝኾርታት ብምግንጻል እትረኽቦም ኣብታት ብዙሓት እዮም። ሰራዊት ኣመሪካ ኣብ ቬትናም ንዘበሩዎ ግዜ ትውክል'ያ እትብሃል ደርፊ፤

Country road
Take me home
To the place I belong…

እቲ ሰራዊት ንዝበሮ ጽልኣት ብኣስቆንቋዒ ቓና ከም ዝገልጸ'ዩ ዝነገር። ህዝቢ ኤርትራ ናብቲ ኣብ ልቡ ዝተሰረተ ህዝባዊ ሰውራኡ ንኽጽንበር ዝበሮ ድሌት ብምግንዛብ፡ ከም ሓብርን መራሕን መንገዲ ዝተገልገለላ ደርፊ ተኽለንክኤል ጉብሩ (ወዲ ጉብሩ)፤

… እቲ ብዓል ሚዶ
ሰታይ ጸባ
ኦንዝለ ሩባ ዓንሰባ …

ብምባል ኑቲ ናብ ሰውራ ክጽንበር መንገዲ ሃሰሰ ዝብል ዝበረ ሃገራዊ መአዝኑ ተረዲኡዎስ ኣብ መሳርዕ ተጸንበረ። ንሕሰም ገድሊ ከም ዓመታት ዝተጠጅአ ወይኒ ጠም-ጠም ኢሉ ጨለጦ። ኣብቲ ንማሰዋእቲ ምቕድዳም ዝብል ስነ-ሓሳብ ርዒሙ ቅድሚ ሰቡ ክሓልፍ ጀሚሩ። በቲ ስነ-ጥበባዊ ዕዮታት፡ ህይወት ብዘይ ሃገር ትርጉም ከም ዘይብላ ኣቒሒሱ ንምረት ህይወት ገድሊ ከኖቕለበሉ ተሰዊኡ ሃገር ኣምጺኡ።

ተሰሪሑ ክንብብ ክሰማዕ ክርአ ዕድል ዝረኸበ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ፡ ናይ ጉዳ-ርእሱ ውሽጣዊ ሓይሊ ኣለዎ። ከም ዝኾነ ሓይሊ ዘለዎ ነገር ድማ ንጸቡቕ ይኹን ሕማቕ ጽልዋ ክፈጥር ግድን'ዩ። ስነ-ጥበብ መንፈስን ኣተሓሳስባን ደቂ-ሰብ ናይ ምብርባር ብዘለዎ ዓቕሚ፡ ኣብ ኣእምሮ ዜጋታት ክፈጥሮ ዝኽእል ድርኺት፡ ኣብ ሓደ ሕብረተሰብን ሃገርን ለውጢ ከምጽእ ይኽእል። ማሕበራዊ ሓላፍነት ዝጸረ ስነ-ጥበባዊ ዕዮ፡ ሰባት ኣብ ሓደ ነገር (ኣብቲ በቲ ስነ-ጥበባዊ ክበሃል ዝተደልየ ዛዕባ) ናይ ጉዳ-ርእሶም ኣመለኻኽታን ፍርድን ንኽህልዎም፡ ሓቅታት ይገልህን ዓይኒ የንቅሕን። ሓደ ሕብረተሰብ ንኣጉዳስዑ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ፍቕሪ፡ ሃገራውነት፡ ብዕምቆት ንኽፍትሽን ንኽምርምርን ስነ-ጥበበኛ ኣጉዳሲ ግደ ይጻወት። "ለሚን ለሚኔይ" ኣብ እትብል ግጥሚ ኢሳይያስ ጼጋይ፡ ደራፊ ወዲ ትኹል፡ እታ ኣብ ዓላ ተራእዩ ንዝበሉዋ ወዳ ክትደሊ ዓላ ዝተራእየት ኣደ፡ መሰዋእቲ ናይቲ ሃሰው ኢላ ዝሰኣኖቶ ጆግና ውሉዳ ከም ዝተረድአ ክትገልጽ፤

ንምጮካን!
ዝወለደት ማህጸን ትጮኻን።
ኣነ'ውን ጨኪነ!

በዚ ናይ ኣዴታት ኣተሓሳስባ'ዚ ዝተመልአ ሰውራ፡ ግልጽ ኢሉ ዝጥምቶ ቤት ዘይብሉ ዘግዕድዎ ሃገር'ዩ ዝህልዎ። እዚ ኣበሃህላ'ዚ ድማ፡ ብሀሎ ኩለን ናብ ሰውራ ኤርትራ ደቀን ዝለኣኻ ኣዴታት ኩይኑ፡ ኑቲ ሰውራ ከም ቅናት መቐነተን ሸጥ ኣበሎ። ትጻቢት ኤርትራውያን ኣዴታት፡ ኣውራ ምምጻእ ናጽነት እዩ ነይሩ። ገለ ካብ ዝርኣየን ዕሽር፡ ገለ እቲ ዝርኣየን ኩሉ ብምሃብ፡ ጉዕዞ መንገዲ ናጽነት ጸሪገን። ከም ሞባኡ ስትር ኣቢለን እንኮ ወላደን ስለ ናጽነት ዝኸፈላ ኣዴታት ብዙሓት'የን። ካዘን ከምዝን ዘኣማስለ ኣተሓሳስባ ኤርትራዊት ኣደ ንምግላጽ፡ ወይ'ውን ዝኢ ኣተሓሳስባ'ዚ ንምስራጽ'ዩ እቲ ሰውራዊ ጥበበኛ፡ "… ንምጮካን! ዝወለደት ማህጸን ትጮኻን!…" ብምባል ዝሓደሙ።

ተራ ስነ-ጥበብ ኣብ ምፍዋስ ስነ-ኣእምሮኣዊ ወጥሪ ተጋደልቲ ብዙሕ ክዝረበሉን ክስርሓሉን ገና ኣይበለን ን። ሳሕቲ'ውን ዝዘዘምዐ ዛዕባ ኹይኑ ይሰምዓኒ። ድሕሪ ከበድቲ ውግኣት፡ ዘይድገሙ ኣደሃታት ምኽፋል ባህሪ ኩናት'ዩ። መስዋእቲ ናይዞም ጆጋኑ ብዓይኑ ዝረኣየ ሰብ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ወጥሪ ክጉበር ባህርያዊ'ዩ። ኣብ ዕላላት ከም እንሰምዖ፡ ድሕሪ ከበድቲ ውግኣት፡ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብክራር፡ ብሀርመት ጅራሶናትን ጣቓዒትን ተሰንጾም ኋይላ ብምትካል ኑቲ ዝተረፈ ተጋዳላይ ካብ'ቲ ዝወዓሎ በሰላ ዝኸሪ ከህድኦዎ ይርኣዩ ነይሮም። ክራር፡ ኑቲ ዘሰንብድ ትርኢታት (traumatic scene) እናሻዕ ዝተዓዘበን ዝሰኸደን ኣእምሮ፡ ተራ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ተሰኪማ በሰላን ዝኸርን ብጾቱ ትፍውሰሉ። ገድልን ህይወት ገድልን ድማ ይቕጽል።

ብጾቱ ክቕብር ዝወዓለ ጆግና፡ ኩዳን ዓሸን ናሬቹ ኣይከኑን ብርዒ እናተሰለመ ዝዘናጋዕ። ከርኳሕ ህይወት ገድሊ ፈኺሱዎ'ውን ኣይከኑን ሰቆጥቀጥ ክብል ዘምሲ። እተን ናይ ምዝንጋዕ ሰዓታቱ፡ ሓደው መጻንበሲ ናይ ዓወታቱ፡ ሓደው መፈወሲ ወይ'ውን መደበሲ ናይቶም ኩናት ዝፈጠሮም ጸቕጥታት'ዩ ዝጥቀመሎም። ሰውራ ኤርትራ ንተራ ስነ-ጥበብን ስነ-ጥበበኛታትን ሸለል ኢሉዎ እንተ ዝብር፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ቅርጺ ተጋዳላይ እንታይ ምኾነ!? ንዝብል ሕቶ መልሶ እንተ ዝበሃል፡ "ክየግምቶ ዘይክእል ጸር ዝተሰከመ ሰውራ ቅጅል ይብለ፡" ምኾነ።

ኣብታ፡ "ስነ-ጽሑፍ ኣመዓብሉኡን ተራኡን ኣብ ሰውራ" እትብል ብፖለቲካዊ ምንቅቓሕ ህዝባዊ ግንባር ዝተዳለወት መጽሓፍ ተገሊጹ ከምዘሎ፡ መሰረትን መንቀልን ስነ-ጽሑፍ፡ እቲ ሕብረተሰብ ንኽነብር ዘካይዶ ዝተፈላለየ ቃልሲታት - ማለት፡ ማሕበራዊ ግብርታት እዩ። ዝተፈላለዩ መዳያት ማሕበራዊ ግብራ፡ ኣእምሮ ሰብ ከምስጥን ክትንክፍን ብዝኽእል ኣገባብ ስለ ዘንጸባርቑ፡ ስለ ዝገልጹ፡ ስለ ዘውድሱ ወይ ዝነቕፉ፡ ሰብ ድማ ዝያዳ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታት ንኽሳተፍ፡ ተራኡ ክብ ንኽብል፡ ብስነ-ምግባር ናይቲ ሕብረተሰብ ንኽቕየዱ ይደፋፍኡን የተባብዑን። በዚ ፍናተ-ሓሳብ'ዚ ዝተኸስከሰ ሰውራዊ ስነ-ጥበብ፡ ኣብ ምልዕዓል ሃገራዊ ስምዒት ኣፍኻ መሊእካ ክትዛረበሉ ዝኽእል ዕዮ እዩ ሰሪሑ።

… ሎሚ ዘይከተተ
ብደው ከም ዝሞተ …

ዝብል ዜማ ኣብ ኣእዛን ኤርትራዊ መንእሰይ ምስ በጽሐ፡ ግፍዒት ደገል ሃገራዊ ስምዒቱ መትሓዚ ተሳኢኑዎ፡ ካብዩ ቦታኡ ብተኣምር ኣብ መዓልታት ናብቲ እምባ ሜዳ ኤርትራ ክሓኽሩ ተራእዩም። ኑቲ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ሐደት መውዳድርቲ ዝበሮ ጸላኢኦም ቅድሚ ኣብ ዓውደ-ኩናት፡ ኣብ ኣእምሮ ምእንቲ ክስዕሩዎ፡ ስነ-ጥበበኛታትን ስነ-ጥበብን ዝተጻወትዎ ተራ እንተ ዝጽናዕ ርቅት ጥበብን ሰብ ጥበብን ምተጋህደ።

ናጽነት ኣብ ምቕራብ፡ ትጽቢት እታ ደቃ ልኢኻ ናጽነት ትጸበ ዝበረት ኤርትራዊት ኣደን ኤርትራዊት ሰድራን፡ ኣብ ከተደህዮ ዘይትኽእል ሸቐልቀል ምህላዋ ዝተረድኡ ሰውራውያን ሰብ ጥበብ፡ ምቕራብ ናይቲ ዘይተርፍ ዓወቶም ከበስሩ፤

… ዓልሉልና ብደቕኹም ኩርዑ
ንመጽእ ኣለና ኣብ ገዛ ጸንሑ …

ብምባል ወዶም ጓሎም እናተቐባበሉ፡ ኑታ ትጽቢታ ዓመታት ኣብ ከርሳ ዝሓቘኑት ኣደ ምልሶዮም ኣበሲሮሞ። ናጽነት ኩይኑ መግትኢ ዝተሳእና ስምዒታት ሓገስ ኣብ ሃገር ብሃገሩ ተኻዕዩ። ብሰንኪ'ቲ ብቓለሉ ዘይእበድ ሓገሱ፡ ሰናዲ ዝሰኣኑ ብዙሓት ትርኢታት ከይተሰንዱ ሓሊፎም።

ሕጂ'ውን፡ ስሪ ሓገስ ክበንጋዕ ዘይካበሮ ወፍሪ ህንጻት ሓዳስ ሃገር ብምንባሩ፡ ኣብ ልክዕ ግዜኡ ከም ዝዋበር ተገይሩ። መናእሰይ ቅድሚ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ምውራዶም፤ "… ሳዋ፡ ሳዋ፡ ሳዋ ንመጽኣኪ ኣለና…" ዞማሮም።

ኣሻቡ፡ ዘይተሓሰበ ወረር ዃ ሃገር ገፍ በሉ። ኤርትራዊ መንእሰይ ከም ወትሩ ብርዒ ንጥበቡ፡ ኣፍራዛ ንልምዓቱ፡ ብረት ንሓለዋ ዶብኡ ሐዙ ወፈረ። ኣብዚ'ውን ተራ ስነ-ጥበብን ሰብ ጥበብን ጉሊሑ ተራእዩ። ንዝኸሪ ክኸውን ካብ "ውረስ ተወራረስ" ክሳዕ "ዋርሳይ እዛም ሰብት መንየም" ብዙሕ ተባሂሉ። ስዒቡ ኣብ ዝሰዓበ ናይ መኸተ እዋንን ህንጸት ሃገርን ዝፈረዩ ደርፍታት፡ ድራማታት፡ ግጥምታት፡ ተዋስኣታት ኣብ ዘርያ'ተን ህቡባት ደርፍታት 'ሓደ ልቢ'ን 'ሰጉም'ን እልቢ ኣይነበሮን።

ኩይኑ ግን ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስ ዘሎ ናይ ቴክኖሎጂ ዕድላት፡ ክንጽ ደርፊ ዝኸይድ ስርሓት ጥበብ ክዕየ ከምዝኽእል ዝዘንጋዕ ዘሎ ይመስለ። ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዝውክሉ ዓይነታውያን ፈልምታት እንተ ዝስርሑ፣ ንሰውራ ኤርትራ ዝኸንዱ ፈልምታትን መጽሓፍትን እንተ ዝበርክቱ፡ ጥሜትን ጽምእን ኩናትን ናፍቖትን፡ ገድልን መሰገደላቱ፡ ቃልሲ ተፈጥሮን ፍጥረትን፡ ስጥመት ብጾይትን መሰዋእትን፡ ኪዳን ድፋዓትን ተጋዳላይን እንታይ ከም ዝመስል ንወለዶታት ምስ ርዝኡዮም ምተሰጋገሩ።

ስለ ዕላማ ንሞት ዝንዕቃ ተጋዳላይ ንሲጋሉት ቀጣን ክበትካ እንክለ፣ ክወድቕ እንክለ፣ ዘይተቓጠለ ምስሉ ብኸሉ ዓውድታት ጥበብ እንተ ዝውቀር፣ ታሪኽ ኤርትራውያን ኮማንዶ - ቅያ 18 ደቓይቕ ብዝንቀሳቐሲ ስእሊ እንተ ዝቐየር፡ ብርቂ ስርሒታት ታሪኽ ኤርትራ ብፊልም ተሰኒዶም ኣብ ዓለም-ለኻውያን ናይ ፊልም ውድድራት እንተ ዝቐርቡ፡. . .

ዓለም ካብ ትፈልጦም ጠቢባን ሓደ ኣሪስቶትል'ዩ። ንሱ ስነ-ጥበብ እተመርጸ ቅዳሕ ናይ ህይወት ምዃኑ የረድእ። ንሕና ድማ ከም ህዝቢ ዝተመርጸ ዛንታ ከም ዘሎና እኣምን። ዝኢ ክንጽ ብኣፍና ናብ ዝተፈላለየ ስርሓት ጥበብ ዘይቐዳሕናዮ ዛንታና፡ ገድልና፡ መኸተና፡ ባህግናን ሕልምናን ንመን ዓያዪ ኢና ንጸበየሉ ዘለና!? እንታይ'ዩ ዓዚመና ዘሎ ኢለ ዘይሓስብ ኣይከኑንኩን። ሓሳበይ ግን ርጉጽ መልሲ እለኣለ። ኮን ዶ ኾን ናብ እንተታት ብምስፍሕፋሕ መልሲ ሃሰው እብል። መልሲ ግን ተረኺቢ ኣይከኑንን። ሸዑ፡ ምናልባት'ዶ እብል። ምናልባት፡ ንሕና ሰሪሕና ታሪኽ እምበር ጸሓፍቲ ታሪኽ ኣይኮንናን። ምናልባትዶ፡ ዝሰራሕናዮ ታሪኽን ዝሓለፍናዮ ሕሰምን ነዛ ሃገር ይውሕዳ'ምበር ኣይበዝሓን'ዩ ኢልና ንውዕለትና ክኣእስ ወይ ኣተዓብዪና ኣይንርእየን ኴንና? ምናልባትዶ፡ ኣብ ግዜ ሽግር ዝያዳ ምስራሕ ጥራይ ዝበርህና ይኸውን!? ምናልባትዶ ህይወት ኩተማ ዓዚሙ ዓዲዱና ይኸውን!? ከምዚ እንተኾይና፡ ከምቲ ሓለቓ ስታፍ ሚኒስትሪ ምክልኻል ጀነራል ፍሊጶስ ወልደዮውሃንስ ኣብ ሓደ ኢጋጣሚ፡ "…ኩተማ መቓብር ጆግናን ስነ-ጥበበኛን'ዩ…" ዝበሎ'ዩ። እዚ ብሀሎ'ዚ ንሓጺር ርእየት ስነ-ጥበበኛታት ዝትሰፍር፡ ደገምና ኑተን ናይ ጥበብ ኣዒንትና ናብቲ ቅሑዕ መኣዝንን ከቐንዕ ዘቓቕዕ'ዩ።


. . . ኣብ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ፡ ብውሽጣዊ ሓይሊ ናይቲ ስነ-ጥበበኛ ዝንጸባረቑ "ሓቅታት" ምንጪ ሓደስቲ ሓሳባትን ንመጻኢ ሓደ ዝተወሰነ ቅርጺ ኣተሓሳስባን ኣነባብራን ክፈጥር ይኽእል። እሞ ሰብ ጥበብ በቲ ትማሊ ዝበርናዮ ከይተሃመልና ኑቲ ሎሚ ንሕተቶ ዘለና ልቢ ብዝመልእ ፈጠራውነት ብስራሕ ክንምልስ ምስ ዘሎ ናይ ቴክኖሎጂ ዕድላት ግዜኡዶ ኣይመስለን!?

የማነ ፍትዊ

## ደሃይ ሕትመት

ዓርቢ 30 ሰነ 2023፡ "ኣልፋ ኤርትራ" ዝተሰምየት ብባይሩ ሃብተስላሰ (ፓሎ ዘፐራዪዞ) ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ኣብ ኣስመራ፡ ሲኒማ ኣዝመራ፡ ምስ ህዝቢ ተላሊያ። እዛ ኣብ ታሪኻዊ ፍጻመታት ሃገርና ምርኮስ ብምግባር ዝተዳለወት መጽሓፍ እዚኣ፡ ሰማ ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውዳታት ፈላሚ ፍጻመ ዘስፈረት ምዃና ኣቢቲ መደብ ምልላይ ተገሊጹ።

ኣብቲ ስድራ-ቤት፡ ኣዕሩኽ፡ መሳርሕቲ ደራሲ ዝተረኽቡሉ መደብ፡ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበበኛታት ብዛዕባ ትሕዝቶ መጽሓፍ ተመስጦኦም ክህቡ እንከለዉ፡ ዝተፈላለየ ደርፍታት'ውን ቐሪቡ። መጽሓፍ "ኣልፋ ኤርትራ" ቅጺ ሓደ ምዃና ዝገለጸ ደራሲ፡ ኑቲ ዕዮ ክቕጽሎ ምዃኑ ብምሕባር ንዝተሓበሩዎ ሰብት ኣመስጊኑ። "ኣልፋ" ዝብል ቃል፡ ቀዳማይ ፊደል ቋንቋ ግሪኽ ኩይኑ፡ 'ጀማሪ' ዝብል ትርጉም ኣለዎ። እታ መጽሓፍ ድማ ኣብ ታሪኻዊ ፍጻመ ጀመርቲ ዝኾኑ ሰብትን ፍጻመታትን ትገልጽ።




ብ16 ሰነ 2023፡ ሕውየት ዘርእስታ ብመምህር ገደ ኣስራት ህያቡ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ፡ ቤተ-ሰቡ፡ መማህርቱ፡ ፈተውቱ፡ሰብ መዚ መንግስቲ ዞባ ዓንሰባን ኣፍቀርቲ መጽሓፍን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ከረን፡ ኣደራሽ ከረን ሆቴል፡ ምስ ህዝቢ ተላልያ። ኣብቲ መደብ፡ ንትሕዝቶ'ታ መጽሓፍን ኑቲ ኢጋጣምን ዝገልጽ ዝተፈላለየ መደባት ቀሪቡ። ደርፍታት፡ ግጥሚ፡ ድራማ ድማ መቓስይቲ መደብ ነይሩ።

ብመሰረት ኣብቲ ናይ ምልላይ መደብ ዝተዋህበ ርእይቶ፡ እዛ ኣብ ስነ-ልቦናን ፍልስፍናን ምርኮስ ዝገበረት መጽሓፍ እዚኣ፡ ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታት ደቂ-ሰብ ኣጉዳሲ ተራ ዘለዎም ዝተፈላለዩ ዛዕባታት እትድህስስ መጽሓፍ እያ። ደራሲ ናይዛ መጽሓፍ፡ ኣቐዲሙ እውን መበቆላውን ናይ ትርጉምን መጽሓፍቲ ኣሕቲሙ እዩ።



# ሻባብ

ሃማመተኤ

## ሕብረተሰብ

# ሽጋራን መስተን ኣብ እዋን ኲትትና

ሱራፌል ተ.

"ሽግራ ወይ ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ኲትትና ንሻንቢቆ ደም የዕኑ።"

ሽጋራ ዘትክኹን ኣልኮላዊ መስተ ዘዘውትሩን ትሕቲ ዕድመ ቁልዑ፡ ኣብ መበል ዓሰርተው ሸውዓተ ዓመቶም ኣብ ኣርተሪታቶም (ኣርተሪ ሻምቢቆ ደም) ዓቢ ዕንወት ከም ዘወርዶም ሓድሽ መጽናዕቲ ይገልጽ። ኣብ ከምዚ ኣሉታዊ ንጥፈታት ኣብ ዘዘውትሩ መንእሰያት ኣብ እተገብረ ምርምር፡ ኣርተሪታት ናይ ከምዚኦም ዘበሉ ሰብ፡ ገና ካብ ንእስነቶም ኣትሒዙ ክጥርዝዙ፡ ክተርርን ናይ ምትዕጽጻፍ ወይ ምንቅስቓስ ተኽእሎኡ ክጸብብን ይጅምር። እዚ ኣብ ኣካላዊ ለውጢ፡ ብእኡ ጥራይ ደው ዝበል ኣይኮነን፣ ንልቢን ሻንቢቆታት ደምን ናብ ዝኸፈአ ሓደጋ'ውን የቃልዕ። እዚ ኣብ ትሕቲ ዓሰርተው ሸሞንተ ዓመት ዝርከቡ መንእሰያት ዘዘውተር ወልፈታትታ ሽጋራን ኣልኮላዊ መስተን ሓደገኛቱ ኣብ ንእስነትካ ንዝዓበየ ዕድል ሕማምን ሞትን እዩ። እዚ መጽናዕቲ'ዚ፡ ነዚ ሕማቕ ዜና ጥራይ ሒዙ ኣይመጸአን፣ ጽቡቕ ዜና'ውን ኣሎዎ። ከምዚ ልምዲ ንዝለዎም ትሕቲ ዕድመ፡ ብእዋኑ እንተሎ ምትካኽ ሽጋራን ኣልኮላዊ መስተን ምስ ዘወግዱ፡ ኣርተሪታቶም ቀልጢፉ ናብ ንቡር ናይ ምምላስ ተኽእሎ ኣሎዎ።

ዘበዝሕ እዋን ወልፊ 'ብሓደ ግዜ ክግደፍ ኣይክኣልን'ዩ፡' ዝብሉ ኣለው፣ 'ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ክትገድፎ ይከኣል'ዩ፡' ዝብሉ'ውን በቲ ሓደ ኣለው። ንነዊሕ እዋን እተላመመድካዮ ልምዲ ብሓደ እዋን፡ ኣብ ሓደ ግዜ ከተቋርጾ ኩብድ ዝበለ ክኸውን ንቡር'ዩ። ሽሕ ግዜ ይኽበድ ግን ንሕማምን ሞትን ኣሚን ኢልካ ከቐብል ዝኽእል ሓይሊ የብሉን። ኣርተሪታት ከም ዕንጨይቲ ክደርቁን ክጥርዝዙን ትም ኢልካ ምርኣይ ኣይክኣልን። እዚ ኣብ ኣርተሪ ዘጋጥም ዕንወት ክሳብ ክንደይ'ዩ ሃሰያኡ ንምርኣይ፡ ብዛዕባ ኣርተሪን ስርዓት ዙረት ደምን ኣሕጺርና ክንምልከት።

****

ስርዓት-ዙረት ደም ሓደ ካብቶም ንኣካል ዘቐሙ ስርዓታት እዩ። ንኣካልና ኣገደስቲ ዝኾኑ ጥረ ነገራት፡ ከም እኒ መኣዛታት፡ ጋዛት፡ ሆርሞናት፡ ወሃዮታት ደም፡ ኦክሲጅን፡ ርስሓት፡ ወዘተ. ዝኣመሰሉ ካብን ናብን ወሃዮታት ዘመሓላልፍ እዩ። ወሃዮታት በዚ ብስርዓት-ዙረት ደም ዝረኽብዎ ጥረ ነገራት ከኣ ንሕማማት ይከላኸሉ፡ ኣካላዊ ረስኒን ኣካላዊ መሰርሕን ሚዛን ይሕልዉ። ኣብ ወዲ-ሰብ ስርዓት-ዙረት ደም ንልቢን ሻንቢቆታት ደምን ከም ቀንዲ ክፋላቱ ይውሰዱ። ሻንቢቆታት ደም ከኣ ክሳዕ ዝወሰነ ክፋል ኣካልና ይርከቡ። ዝረስሐ (ኦክስጅን ዘይተሰከመ) ደም ካብ ልቢ ብመንገዲ ኣርተሪታት ኣቢሉ ናብ ሳንቡእ ይበጽሕ። ኣብ ሳንቡእ ተጻርዩ ድማ ናብ ልቢ ይምለስ። ኣርተሪ ዝብሃሉ ሻንቢቆታት ደም እዞም ካብ ልቢ ናብ ሳንቡእ ዘመላልሱ ገዲፍካ፡ ካብ ልቢ ዝጭንጓዕ ጽሩይ ኦክሲጅን ዝሓዘ ደም ይስከሙ። ናብ ኩሎም ኦክሲጅን ዘድሊዮም ኣካሊት (ቲሹ) ድማ የብጽሑ። ካብ ኩሎም ሻምቢቶታት ደም ከኣ ዝዓበየ ጸቕጢ ኣሎዎም። ኣብ ኣርትሪ ዘሎ ኩነታት ጸቕጢ፡ ንኹነታት ልቢኻ የርኢ። ምኽንያቱ ኣብ ጸጋማይ ክፍሊ ናይ ልቢ ዘሎ ምጭባጥ'ዩ ነቲ ኣብ ኣርተሪ ዘሎ ጸቕጢ ዝፈጥሮ። ስለዚ ኣርተሪን ልቢን ዝተተሓሓዙ እዮም። ልቢን ህይወትን ከኣ....!።

***

ነዚ መጽናዕቲ ዘካየዱ ፈላጣት፡ ኣብ 1266 ኮተቴ ንኣርባዕተ ዓመት ዝኣክል መጽናዕቶም ኣካዪዶም። እዞም ኮተቴ ካብ መበል ዓሰርተው ሰለስተ ዕድመ ክሳዕ ዓሰርተው ሸውዓተ ዓመት ናይ ምትካኽ ሽጋራ ወልፊ ዝነበሮም ኰይኖም፡ ኣብዚ ኣርባዕተ ዓመታት ኣብ ኣርተሪታቶም ናይ ምጥርዛዝን ምትራርን ምልክት እንተ'ሎ መጽናዕቲ ተኻይድሎም። እዚ መጽናዕቲ ኣብ ምሉእ ህይወቶም ክንደይ ዝኣክል ሽጋራ ከም ዘትከኹን ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ ዝጀመሩሉ ዕድመን ዘካተተ'ዩ ነይሩ። ልዕሊ 100 ሽጋራ ዘትከኹ ወይ ጠገለ ዘይብሉ ኣልኮላዊ መስተ ዝሰተዩ፡ ካብቶም 20 ሽጋራ ዘትከኹ ወይ ክልተ ቢራ ንመዓልቲ ዝሰትዩ ዝኸበድ ምጥርዛዝን ምትራርን ኣርተሪታት ኣጋጢሙዎም። ሓደ ካብቶም ነዚ መጽናዕቲ ዘካወኑ ፕሮፌሰር ጆን ዲንፌልድ፡ "ሽጋራ ምትካኽን ኣልኮላዊ መስተ ምስታይን ሓደ ናይ ብጽሕና መዐቀኒ ኰይኑ'ዩ ጸኒሑና። ምስቲ ኣብ ልዕሊ ዕድመ ዘሎ ምትራር ኣርተሪን ኣብቲ ሻምቢቆታት ዝርከብ ስብሕን ኣመልኪቱ እተገብረ መጽናዕቲ ይዛመድ እዩ፡" ብምባል ይገልጽ። ነቲ እዚ መጽናዕቲ'ዚ ምስቲ ሕማቕ ዜናኡ፡ ንእሽተይ ጩራ ተስፋ ሒዙ ዝመጽአ'ዩ። ነዚ ኣመልኪቱ ፕሮፌሰር ጆን ዲንፌልድ፡ "እንተኹነ ትሕቲ ዕድመ ሽግራ ምስሓብን ኣኮላዊ መስተ ምስታይን ኣብ እዋን ብጽሕናኦም (18 ዓመት ዕድመኦም) እንተ ኣቋሪጾም፡ ብተወሳኺ ክንክንን ኣሊያን ኣርተሪታቶም ናብ ንቡር ክምለስ ተኽእሎ ኣሎ፡" ይብል።




"ኣብ ንእስነት ግዜ ንኣልኮላዊ መስተ ወይ ሽጋራ፡ ኣብ ሻንቢቆታት ደም ዓቢ ዕንወት'ዩ ዘወርድ። ኣብ ሓደ ግዜ ዝሰትዩን ዘትክኹን እንተ ኾይኖም ከኣ ዝገደደ፡" ትብል ኣብቲ መጽናዕቲ ኢዳ ዘንበረት ዶር. ማሬታ ካራኪዳ። ካብቲ መጽናዕቲ'ቲ ካብ ዝረኸብዎ ስታስቲክስ፡ ኣብ ዕድመ 17 ሓደ ካብ ሓሙተ ኮተቴ ሽጋራ የትክኽ፣ ኣብቶም ቀድሚኡ ዘሎ ዕድመ ግን ዝወሓደ ምጃኑ ትሕብር።

ካብዚ መጽንዕቲ ከም እንርድኦ፡ ኣልኮላዊ መስተ ኰነ ሽግራ ናብ ልቢ ዝቖንፀ መጥቃዕቲ የካይዱ እዮም። እቲ ንልቢኻ ንምድሓን እትወስዶ ዝበለጸ ኣማራጺ ካብ ወልፊ ሽግራን ኣልኮላዊ መስተን ቡቲኽካ ምሕራም እዩ። ክልቲኡ ኣብ ሓደ ግዜ ብዘይ ገደብ ክትሰሕቦን ክትሰትዮን ዝኸፈአ መዘዝ ስለ ዘለዎ ሓደኡ ክቋረጽ፡ እንተ ዘይከኣልካ ኸኣ ክተጉድል ይግባእ። ብሓደ እዋን ክግደፍ እንተ ዘይተኻእለ፡ ብብመዓልቱ እናጉደልካ ክግደፍ ይከኣል እዩ። እቲ ኹሉ እተገብሮ ንህይወትካ ስለ ዝኾነ......!።

BBC News

# ሽጋራ ምትካኽ እንተ ኣቋሪጽካ እንታይ ኢኻ ትኸውን?



ሽጋራ ከትክኽ ዝጸንሐ ሰብ፡ ምትካኽ ኣብ ዘቋርጸሉ ግዜ ንእለቱ ኣብ ኣካላቱን ጥዕናኡን ለውጢ ይረኣዮ እዩ። እቶም ዝረኣዩ ለውጢ እንታይ ይመስሉ ንገለ ካብኡ ከነስዕብ፤

ድሕሪ 20 ደቒቕ፤ ህርመት ልብኻ ዓቅኖ፡ ናብ ንቡር ክምለስ እዩ።

ድሕሪ 8 ሸሞንተ ሰዓት፤ ዓቐን ኦክስጂን ኣብ ኣካላትካ ካብ ዝነበረ ምሕየሻ ከርኢ እዩ። እቲ ኣብ ደምካ ዝነበረ ሓደገኛ ዝኾነ ጋዝ ካርቦን-ሞኖ-ኦክሳይድ ዓቐኑ ብፍርቂ ክጉድል እዩ።

ድሕሪ 48 ሰዓት፤ ኩሉ ኣብ ደምካ ዝነበረ ካርቦን-ዳይ-ኦክሳይድ ጠቒሊሉ ክእለ እዩ። ኣብ ሳንቡእካ ተፈጢሩ ዝነበረ ላዕገት ሳንቡእካ ከተጽርዮ እያ። ናይ ምስትምቓርን ምሽታትን ዓቕምኻ ክዓቢ እዩ።

ድሕሪ 72 ሰዓታት፤ ኣብ ኣተናፍሳኻ ምቹእነት እንተ ተሰሚዑካ፡ ሻምቢቆ ጉርጉማ ክዛነ ጀሚሩ ኣሎ ማለት'ዩ። ጸዓትካ'ውን ክዓቢ እዩ።

ድሕሪ ክልተ ወይ 12 ሰሙናት፤ ደምካ ካብን ናብን ልቢ ዘካይዶ ዙረት ክመሓየሽ እዩ። ጭዋዳታትካ ነዚ ንምሕጋዝ ዝኽእል ዓቕሞም ክመልሱ እዮም።

ድሕሪ 3 ወይ 9 ወርሒ፤ ብቕዓት ሳንቡእካ ብልዕሊ 10 ሚእታዊት ክዓቢ እዩ። ኣብቲ እዋን ዝህሉወካ ሰዓል፡ ምህንጣስን ናይ ምስትናፋስ ጸገማትን ኣመና ክቃለልካ እዩ።

ድሕሪ ሓደ ዓመት፤ እቲ ዝዓበየ ዜና ምቍራጽ ምትካኽ ዝኸውን ምስ ልቢ ዝተሓሓዝ ኩነታትካ እዩ። ብልቢ ንዝመጽእ ሓደጋ እትቃልዓሉ ምኽንያትታት ካብቲ ኣትከኽቲ ብፍርቂ ይጒድል።

ድሕሪ 10 ዓመት፤ ብሽግራ ካብ ዝመጽኡ ዝዓበዩ ጸገማት ወይ ሕማማት መንሸሮ ሳንቡእ እዩ። ሽጋራ ምትካኽ ንኸባቢ 10 ዓመት ምስ ተቋርጽ፡ ነዚ ሕማም እትቃልዓሉ ተኽእሎ ካብቶም ገና ዘትክኹ ዘለው ብፍርቂ ይጒድል።

www.nhs.uk

# ምትካኽ ከተቋርጽ ስለምንታይ'ዩ ዝኸብድ?

- 1. ሓንጎልካ ነቲ ሽጋራ ብምትካኽካ ዝለመዶ ኒኮቲን ምስኣን ክላመዶ ኣለዎ፣

  - ምትካኽ ንኽተቋርጽ ዘኽብዶ እቲ ኣብ ሽጋራ ዘሎ ኒኮቲን እዩ። ምትካኽ ከኣ እቲ ዝቐልጠፈ ናብ ሓንጎል ከብጽሕ ተባሂሉ ዝተማህዘ'ዩ።

  - ኒኮቲን፡ ኣብ ሓንጎልካ ንኽትዛነ ዝሕግዝ ከሚካል ከም ዝምንጩ ይገብር። ኣብ ገለ ክፋል ሓንጎልካ ብተደጋጋሚ ተመሳሳሊ ድርኺት ምስ ገበረ፡ ሓንጎልካ ንኒኮቲን ይለምዶ።

  - ድሕሪ ግዜ፡ ኒኮቲን ንኣገባብ ኣሰራርሓ ሓንጎልካ ይቕይሮ፣ ጥዑይ ንኽትከውን ሽግራ ከተትክኽ ወይ ኒኮቲን ክትረክብ ከም ዘለካ ገይርካ ከም ትሓስብ ይገብረካ።

- 2. ካብቲ ንምትካኽ ዝዕድም ዝውቱር ንጥፈታትካ ክትእለ ምልማድ፣

  ምስ ሽግራ ምትካኽ ዘተሓሕዙ ጉዳያትካ ኵሎም ክትቅይሮም ምልማድ ሓደ ካብቲ ከቢድ ዝገብሮ እዩ። ገለ ሰባት ምትካኽ ምስቲ መዓልታዊ ዘሰላስልዎ ንጥፈታት የተሓሕዝዎ፣ ገለ'ውን ምስ ስምዒታቶም። ምስ ቡን ምስታይ፡ ምስ መስተ፡ ድሕሪ ከቢድ ስራሕ፣ ምስ ምሕጓስ፡ ምሕራቕ፡ ምጭናቕ፡ ወዘተ።

- ብሚልዮናት ዝቝጸሩ ሰባት ምትኻኽ ሽጋራ የቋርጹ እዮም። ካብ ብዙሓት ካብ ዝተኣከበ ግብረ መልሲ ከም ዘነጽሮ ኸኣ ህይወቶም ብሓፈሻ፡ ኣብ ጥዕናኦም፡ ጸዓቶም፡ ትግሃቶምን ኣካላዊ ጥንካረኦምን እወታዊ ለውጢ ከም ዝረኸቡ ይምስክሩ።

www.cdc.gov

# ስነ-ስርዓት መመረቕታ ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ

ሪፖርታዥ


ዮናታን የዕብዮ
ኣገ/ዜና ዞባ ማእከል
ስእሊ - ሮቤል መረስዕ


ትምህርቲ መሰረት ናይ ኩሉ ምዕባለ እዩ፡ ብቐንዱ ድማ ማሕበረ ቁጠባዊ ዕብየት ስድራቤታትን ውልቀሰባትን ኣብ ምዕባይ ደራኺ ተራ ይጻወት። ስለዚ እዩ ኹኡ ሃገራትን ኣህጉራትን ዓለምና፡ ዘለወን ጸጋታት ዓቕሚ ሰብን ብትምህርትን ሞያን ንምስልጣን ክጓየያ ዝርአያ። ኣብ ሃገርና'ውን



መምህር ብንያም ሰለሙን

ትምህርቲ መሰረት ኩሉ ቀጻሊታት ምዕባለ ምዃኑ ተኣሚኑሉ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዝሓለፈ ናይ ናጽነት ዓመታት፡ ካብ መባእታ ክሳብ ኮሌጅ ዝቐጽል ደረጃታት ትምህርቲ ብዙሕ ተሰሪሑሉን ዕወት ውጽኢት ተመዝጊቡዎን ይርከብ ኣሎ።



ኣቶ ተስፋይ ስዩም

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ፍልጠትን ሞያን ዘቕስማ ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ እያ። እዛ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡስ ዞባ ገጀረት ተደኲና እትርከብ ቤት ትምህርቲ፡ ብ1996 እያ ተመስሪታ። ዝሓለፈ 4 ሓምለ ድማ፡ ብዓውደ ትምህርቲ ጽገና ኮምፕዩተር፡ ምዝርጋሕ መርበብትን ጽርበት ሓጺንን ንክልተ ዓመት ዝሰልጠኑዎም 23 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 42 ተመሃሮ፡ ብሰርቲፊኬት ኣመረቓ ኣሎ።

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ካብ ክሊንተን ኣብ ሃገርና ዝርከብ ኮሌጃትን ሞያ ዝምህራ ትካላት ትምህርቲ፡ ሎሚ ዓመት ንመበል ታሸዓይ ግዜኣ እያ ተመርቕ ዘላ። እዛ ኣቐዲማ ብስም ፓጎኒ ቴክኒካል ኢንስቲትዩት ትጽዋዕ ዝነበረት ቤት ትምህርቲ፡ ካብ'ቲ ፈለማ ዝተመስረተትሉ ግዜ ክሳብ 2004 ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ ካብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ዘምጽኡ ተመሃሮ ብምቕባል ንሰለስተ ዓመት እናምሃረት ብደረጃ ኣድቫንስድ ዲፕሎማ ተመርቕ ነይራ እያ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ከኣ፡ ሓሙሽተ ግዜ ብማሽን ቴክኖሎጂ፡ ሓደ ግዜ ድማ ብኮምፕዩተር ቴክኖሎጂ፡ 4 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 151 ተመሃሮ ከምዝመረቐት፡ ሰነዳት ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ ይሕብሩ።

ብድሕሪዚ፡ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ካብ 2004 ክሳብ 2011፡ ብኸፊል ንቤት ትምህርቲ ንግዱ ከተገልግል ድሕሪ ምጽናሕ፡ ካብ ሕዳር 2011፡ ዳግማይ ብቴክኒካውን ሞያውን ትምህርቲ ብደረጃ ሰርቲፍኬት ንኽልተ ዓመት እናምሃረት፡ ተመሃሮ ኣብ ምስልጣን'ያ ተጸሚዳ ጸኒሓ። ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ናይ 12 ዓመት ጉዕዞኣ ድማ፡ ካብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ዞባ ማእከል፡ 10ይ ክፍሊ ዝዛዘሙ ብሉጻት ተመሃሮ እናተቐበለት፡ ሞያ ዘቕስም ስሩዕ ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ ምሃብ ትርከብ ኣላ።

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ካብ 2013 ክሳብ 2015 ማለት፡ ንሰለስተ ተኸታተልቲ ዓመታት፡ 17 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 85 ተመሃሮ፡ ብጽርበት ሓጺን ጥራይ ኣመረቓ እያ። ካብ 2016 ክሳብ 2021 ድማ፡ ብዓውደ ትምህርቲ ጽገና ኮምፕዩተርን ምዝርጋሕ መርበብትን ጽርበት ሓጺንን እናምሃረት፡ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ብሰርቲፊኬት ከተመርቕ በቒዓ እያ።

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ኑቶም ሎሚ ዓመት ብኽልተ ዓውደ ትምህርቲ ማለት ጽገና ኮምፕዩተርን ምዝርጋሕ መርበብትን ከምኡ ድማ ጽርበት ሓጺን ዝመረቐቶም 23 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 42 ተመሃሮኣ ሓዊስካ፡ ኣብ'ዚ ንትሽዓተ ግዜ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ 93 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 372 ዜጋታት ብደረጃ ሰርቲፊኬት ሞያን ፍልጠትን ኣቕሲማ፡ ኣብ ልምዓትን ህንጻትን ሃገር እጃማ ከዐብርክት ክኢላ ኣላ።

ኣብ'ቲ ብ4 ሓምለ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ሓላፊ ስነ-ምምህርና ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ መምህር ብንያም ሰለሙን ኣብ ዘስመዖ ናይ መኽፈቲ ቃል፡ ፈለማ ንወለዲ ተመረቕትን ተመሃሮን "እንቋዕ ፍረ-ጻማኹም ክትሓፍሱ ኣብቀዓኩም" ድሕሪ ምባል፡ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ናይ 11 ዓመት ጉዕዞኣ፡ ንጹር ራእን ዕላማን ሒዛ ስለዝተበገሰት፡ ብፍልጠትን ክእለትን ጥቡባት ዝተሃንጹ፡ ልዑል ናይ ስራሕ ስነ-ምግባር ዝውንኑ፡ ብፍልጠቶምን ቴክኒካውን ኣካዳሚያውን ትምህርቶም ጸብለል ዝበሉ ተመሃሮ እናኸስከሰት ከተምህርን ከተመርቕን ምጽንሓ ገሊጹ።

መምህር ብንያም ኣብ ትምህርቲ ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ ብዘይዝኣ ምዕቡል መሳርሒታትን መወከሲ መጻሕፍትን ንምሕጋዝ ከይተሓለለ ክሰርሕ ከምዝጸንሐ ዝገለጸ መምህር ብንያም፡ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ስነ-ኪነት እውን ብሓደሽ ትሕተ ቅርጺ፡ ዘመናዊ ምዕቡል ቴክኖሎጂን ኮምፕዩተርን ከምዝተጣጥቃ ክገብር ከምዝጸንሐ ወሲኹ ኣረዲኡ። እዚ ኸኣ ነቲ ኣብ ባይታ ዘዕመም ዘሎ ልምዓታውን ትሕተ ቅርጻውን መደባት ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብር ከምዘሎ ኣረጋጊጹ።

ቀጺሉ መምህር ብንያም፡ ተመረቕቲ ዝቐሰምዎ ሞያ፡ ብግብራዊ ስራሕ እናኣማዕበሉ፡ ፍልጠቶምን ክእለቶምን ብምዕባይ፡ ነቲ ብናጻ ዘምሃሮም ህዝብን መንግስትን ብዓጸፋ ክኸሕሱ ኣዘኻኺሩ።

ትምህርቲ፡ ናብ'ቲ ዝበርኸ ውልቃዊ፡ ስድራቤታውን ሃገራውን ምዕባለታት ክትገዓዝ ዘሕግዝ ድልድል ምዃኑ ዝጠቐሰት ወከል ተመረቕቲ ብወገና፡ ንኽልተ ዓመት ተማሂርናም ኣብ'ዚ ፍረ ጻዕርና ዝሓፍሰሉ ደረጃ ክበጽሕና ምብቕዖም ሓበን ከምዝተሰምዓ ብምግላጽ፡ በዚ ቀሲሞሞ ዘለዉ ሞያ፡ ኣብ'ቲ ዝቕጽል ዘሎ መደባት ምዕባለን ዕብየትን ሃገር፡ እጃሞም ክበርክቱ ምዃኖም ብስም ተመረቕቲ ቃል ኣትያ። መንእሰያት፡ ንግዚኦም ብመንጸር ኩሎም ዝውጠኑ ሃገራዊ መደባት፡ ብዝግባእ ክጥቀምሉ ኣዘኻኺራ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ቴክኒካውን ሞያውን ትምህርትን ስልጠናን ኣቶ ተስፋይ ስዩም እውን ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ተረኺቦ ሓጺር ቃል ኣስሚዑ ነይሩ። ንሱ፡ መንግስቲ ኑተን ሞያውን ቴክኒካውን ትምህርቲ ዝህብ ትካላት፡ ብዓይነትን ቁጽርን ንምዕባይ ሓያል ጻዕሪ ከካይድ ከምዝጸንሐ ጠቒሱ፡ ንዕሊታዊ መደባት ስርሖን ዘሐይል ዘመናዊ መሳርሒታት እናዓጠቓ ይመጽኣ ከምዘለዋ ኣረዲኡ። ኣብ'ዚ ዝቕጽል ዘሎ ዳግመ ህንጸ ሃገር፡ ኣብ'ዞን መማሃሪ ትካላት ሰልጢኖም ዝወጽኡ ተመሃሮ፡ ኣብ ባይታ ዘኸርዕ ዕዮ ይዓሙ ከምዘለዉ ሓቢሩ። ናይ ሎሚ ዓመት ተመረቕቲ፡ ኣብ'ዚ ንወፍሪ ቁጠባዊ ሓርነት እንሻቐለሉ ዘለና መድረኽ ይምረቑ ምህላዎም ፍሉይ ከምዝገብሮ ብምምልካት ከኣ፡ ኣብ'ቲ ዝቕጽል መደባት ልምዓት፡ ሰብ ሞያ ኩይናም ብምዕያይ፡ ዕዙዝ ኣበርክቶ ክገብሩ ልዑል ትጽቢት ከምዝተገበረሎም ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ዕለት፡ ኑቶም ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ዓመት ትምህርቶም ካብ 3.5 ነጥቢ ንላዕሊ ዘመዝገቡ ተመሃሮ፡ ብቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ ዝተዳለወሎም ሰርቲፍኬትን ፍሉይ ናይ መተባብዒ ሽልማትን፡ ካብ ኣድ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ገጀረት፡ ኣቶ ሃይለ ማለስን ሓለፍቲ ዝተፈላለያ ክፍልታት ማእከል ሞያውን ቴክኒካውን ትምህርትን ስልጠናን ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተዓዲሎም። ከምዚ ዓይነት ሽልማት ምሃብ፡ ኑቶም ገይና ትምህርቶም ዘይዛዘሙ ዘለዉ ተመሃሮ፡ ፍሉይ ሞራልን ናይ ምውድዳር መንፈስን ዘሐንቕ ብምዃኑ፡ ብጸቡቕ ክቕጽል ድማ፡ ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ ዝተሳተፉ ወለዲ ተመረቕትን ዕዱማት ኣጋይሽን ንእግረ መንገዶም ርእዮምዎ ሂቦምና።

ኣብ'ቲ ንልዕሊ ሰለስተ ሰዓታት ዝቐጸለ ስነ-ስርዓት መመረቕታ፡ ብተመሃሮ ዝተዳለወ ኑቲ ዕለት ዘማዕርግ ዝተፈላለየ ግጥምን ስነ-ጽሑፍን ቀሪቡ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ስነ-ስርዓት'ውን ኑቲ ተመሃሮ ግብራዊ ትምህርቲ ዝመሃሩሉ ክፍልታት ተዛዊሮምን ኣድናቖቶም ገሊጾምን።

እቲ ስነ-ስርዓት መመረቕታ ምስ ተዛዘመ፡ ንገለ ካብ ወለዲ ኣዘራሪብና ነይርና። ፈለማ ዝተወከሰናዮም ኣቶ ናስር ዓብዱሰላምን ወ/ሮ ገነት ኣርኣያን ነይርም። ንሳቶም ኣብ ዝሃቡዎ ርእይቶ፡ ንዋሕ ዝጠመተ ወፍሪ ምኽያድ ጻማ ከም ዝሕፈሶ ጠቒሶም፡ ብወገኖም ኣብ ደቆም ዝገበርዎ ሓያል ወፍሪ፡ በቲ ዕለት ፍረ ጻማ ክሓፍሱሉ ምብቕዖም ኣመና ከምዝሐጎሶምን ሓበን ከምዝተሰመዮምን ገሊጾምልና። ተመረቕም ዘለዉ ደቆም ድማ ኣብ ስራሕ ዓለም ተዋፊርም፡ ነቲ ብናጻ ዘምሃሮም ህዝበን መንግስትን ክኽሕሱ ሓላፍነት ከምዘለዎም ሓቢሮም።

ተመረቕቲ ቢላል ናስርን ነዋል ናስርን ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ ድማ፡ ቤት ትምህርቶም ዓጢቓዋ ብዘሎ ዘመናዊ መሳርሒታትን ብሉጻት መምህራንን፡ ትምህርቶም ብዓወት ክዛዘሙ ከምዝሓገዞም ብምግላጽ፡ ኣብ'ቲ ዝተመደብዎ ቦታ ስራሕ ተዋፊሮም እሙናትን ትጉሃትን ኩይኖም ከምዘገልግሉ ኣረዲኦም።

ኣብ መንጎቶም ተመረቕቲ፡ ሓደ ብፍሉይ ኣቓልቦና ዝሰሓበ ተመራቒ ምስ ተዓዘብና፡ ቀሪብና ከዘራርቦ ኢና ወሲንና። ንሱ ቤንሆር ሙሴ እዩ ዝበሃል። ቤንሆር እናተማሃረ እንከሎ ብዘጋጠሞ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም፡ ሕክምናኡ እናተኸታተለ እዩ ትምህርቱ ዛዚሙ ዘሎ። እንተኾነ፡ ድሌት እንተሎ ንዘጋጠመካ ብደሃይታት ስዒርካ ክትወጽእ ቀሪብ ምዃኑ እዩ ዝሕብር መንእሰይ ቤንሆር። ንሱ፡ ዘጋጠሞ ከቢድ ጥዕናዊ ጸገም ተጻዊሩ ንመመረቕታ ምብቃዑ፡ ልዑል ሓጎሱ ከምዝተሰምዖ ብምግላጽ፡ ኣብ'ዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ንዘተሓጋገዝዎ ወለዱን መምህራኑን ከምኡ ድማ መምህርቱ ልባዊ ምስጋናኡ ኣቕሪቡ።

ደሊና ሚኪኤልን መናል እድሪስን ልዑል ነጥቢ ብምምዝጋብ ዝተመረቓ እየን። ተገናኺፈናኦ ዘለዋ ዓወት፡ ደምር ፍረ-ጻዕሪ ናይ ወለደንን መምህራንን፡ ብቐንዱ ድማ ናተን ምዃኑ እየን ዝሕብራ። ድሕሪ ምረቓ ዝጸበየን ዘሎ ዕማም ስራሕ ስለዝኾነ ከኣ፡ ቀሲመናኦ ዘለዋ ክእለትን ፍልጠትን ኣብ ቦታ ስራሕ ብግብራዊ ተሳቲፎ ክንጽብርቖኦ ድሉዋት ከምዘለዋ ገሊጸናልና።

ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ሓላይ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዓጢቓቶ ዘላ ዘመናዊ መማሃሪ መሳርሒታት፡ ልዑል ብቕዓትን ናይ ምድግጋፍ ሞራልን ዘለዎም መምህራን ስለእትውንን፡ ዓመት መጸኣ ብቕዓት ዘለዎም ዜጋታት ኣብ ምፍራይ ኣበርክቶ ትገብር ኣላ፡ ኣብ'ዛ ቤት ትምህርቲ ንክልቲኡ ጾታ ዘውቅል ምዕሩይ ዕድላት ሞያዊ ትምህርቲ ስለዘውሃብ ከኣ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ተመሃሮ፡ ክንጾ ተሳተፍቲ ምዃኑ ተወዳደርቲ ክኾና ክኢለን ከምዘለዋ፡ ሓላፊ ስነ-ምምህርና ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ መምህር ቢንያም ሰለሙን ይገልጽ።



ደሊና ሚካኤል



ቤንሁር ሙሴ



ነዋል ናስር



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጉዳይ ኣብ ዘተ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለስ ስፖርት |
| 15:20 | ዶክመንታሪ |
| 16:00 | ሓይሊ ባሕሪ |
| 16:20 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 18:20 | ተኸታታሊት ፊልም ቻይና (MINING TOWN 13) |
| 19:25 | ሃሎ ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | መደብ ዋልታ (02) |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዝማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መቓልሕ መንእሰያት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ያሲን ዓብዱልመናን ከሊፋ ምባል ተረፉ፡ ያሲን ዓብዱልመናን ጃዓፋር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ስምኦን ማስፈን ጺጋይ ምባል ተረፉ፡ ሳይሞን ማስፍን ጺጋይ ተባሂሉይ ተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ይቕረብ።

ጀምዓ መሓመድ ዩሱፍ ምባል ተረፉ፡ መርየም ሰዒድ ኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ዑቕባክሮስ ለገሰ ገረዝጊሄር ምባል ተረፉ፡ ዑቕባይ ለገሰ ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ይቕረብ።

ሶፋኒት መሓሪ ወልደኣብ ምባል ተረፉ፡ ሶፋኒት መሓሪ ወልደኣብእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ይቕረብ።

ሳምያ መሓመድ ኣማን ምባል ተረፉ፡ ሳምያ መሓመድኣማን ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ።

ኢልሳ ሰገድ ምባል ተረፉ፡ ኢየትሙት ተኽለሰንበት ገብረስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ፍ/ሂር ጫኻይ መብራህቱ፡ እዝዚ ኣቶ ኣይናኣለም መብራህቱ፡ እዝዚ፡ ብፍ/ሰ/መሰል ወረ/ፍ/ሂር ኣቶ ኣማኑኤል መብራህቱ፡ እዝዚ ዝሮሑ ይከኣሎ ኣማኑኤል መብራህቱ፡ +2 ናይ ፈጸሚ ክሲ ኣቕሪብምልካ ስለዘዉ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ቁ.39 ቅረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ደሃብ መሓመድ ዓብዱልቃደር፡ ተኸሳሲት ደርግኣለም ገብረኪዳን፡ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፈልጢ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ክንፈ ግርማይ ገብረመድህን፡ ወለደይ መልኣከ ስቡሓት ግርማይ ገብረመድህን ክንፈን መብራት መብራህቱ፡ ዑቕባሚካኤልን ስለዝዖረፉ፡ ብዕለት 22/10/1999 ዝገበሩለይ ለበዋ ይጽደቐለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣባሻውል

ከሳሲት ምሕረት ኣረጋይ፡ ተኸሳሲ ኀይትኦም ገብረኣምላኽ፡ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

ስላስ በየነ ኣብርሃ፡ በዓልብተይ ተጋ/ ክፍለ ተስፋሚካኤል ደበሳይ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣለም ደሰለኝ በላይ፡ ሓወይ ኣማኑኤል ደሰለኝ በላይ ስለዝዖረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

የውሃንስ ብርሃ፡ በዓልቲቤተይ ወ/ሮ ፍረወይኒ ኣብርሃም ስለዝዖረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰም ያቆብ ፡ ዓብዩና ወ/ሮ ጺጋ ኣርኣያ ስለዝዖረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ተተኪእና ናይ ኣቦና ነ/ሂር ያቆብ የውሃንስ ኮይንና ወረስታ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጎዳይፍ

ኣቶ ይሕደጎ ሃይለሚካኤል ወልደሚካኤል፡ ኣደይ ወ/ሮ ጀመር ዑቕባሚካኤል ክንፈ ስለዝዖረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርሻን ወልደሚካኤል ማና፡ በዓልብተይ መም/የሲፍ ወልደስላሰ ወልደመንቆርዮስ ስለዝዖረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ቴድሮስ ሃብተ ተኽሉ፡ ኣዴና ጽርሃ ኣሰፍሃ ስለዝዖረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ናዝሬት ዓንደ ኣስገዶም፡ ኣዴና ወ/ሮ ርሻን መሓሪ ገብረሚካኤል ስለዝዖረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ርግኣት ሃይለ እምኑ፡ በዓል-ቤተይ ኣቶ ተስፉ ዑቕባስላሰ ጋርዛ ስለዝዖረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣዜብ ጸጋዩ ካሕሳይ፡ ኣዴና ትርሓስ ቀሺ ኣርኣያ ብርሃ ስለዝዖረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ኪዳ ገብረልኡል፡ ኣቦይ ኣቶ ኪዳ ገብረልኡል ካሕሳይ ስለዝዖረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ደረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ምልእተ ሰንቂይ ዘድንግል፡ በዓል-ቤተይ ብርሃ ገብርሃንስ ወልደሂወት ስለዝዖረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/9/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ

ወ/ሮ ጽገወይኒ ሃ/ማርያም ገ/ሚካኤል፡ በዓልብተይ ተኽልኣብ ሰመርኣብ ወልድኣብ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትብርህ የውሃንስ ብርሃ፡ በዓል-ቤተይ ኣብርሃም ዓንደ ገብርሂወት ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ወ/ሮ መድህን ገብረትንሳኤ ዓንደሚካኤል፡ በዓልብተይ ተስፋላስ ተኽለ ገብረኪዳን ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ከሳሲ ኣቶ ተሰፍኣም ሃብተሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰዒድ ዓብደላ፡ ናይ ካሕሳ ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ።

ተሰፍ ኀዙዩ ገብረእየሱስ ምባል ተረፉ፡ ተሰፍም ኀዙዩ ገብረእየሱስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 4ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣሰፈሃለ ኣብርሃ ዕቁባሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ኣሰፈሃ ኣብርሃ ዕቁባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/7/23 ኣብ 4ይ መጋባእያ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ታረቀ ገብረየውሃንስ ዓንደሚካኤል፡ ኣደይ ተዛረ ሰላባ ኪዳኑ ስለዝዖረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኩዶፈላሲ

ከሳሲት ወ/ሮ ጫና ፍረዝጊ ተኽሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣማን ይሁን ኣምለሽ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/8/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ሂወት ኪዳ ገ/መድህን፡ በዓልብተይ መም/ ሃይለ ወልደየውሃንስ ወልደጋብር ስለዝዖረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣቶ ተወልደ ጺጋይ ዓንደገርግሽ፡ ጺጋይ ዓንደገርግሽ ተኽለን ምልእተ ፍስሃ ሰለሙንን ስለዝዖረፉ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሓድሽ ዓዲ

ከሳሲት ወ/ሮ መዛት ኣኽሊሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሄኖክ ወልደሃይማኖት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/10/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መዝባ ን/ዞ/ሰንዓፈ

ወ/ሮ መድህን ግደይ ገብረስላሴ፡ በዓልብተይ ገብረሂወት በየነ ተስፉ ስለዝዖረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ከተማ ሰንዓፈ

ወ/ሮ ዛይድ ኣብርሃጼን ተስፉ፡ በዓልብተይ ኣቶ ተኽለ ካሕሳይ ደሲታ ስለዝዖረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 6 ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ጊንዳዕ

ሰላሕ ይሕያ ታልከ ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ ያሕያ ታልከ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ከሳሲ ጉባኤ ኣስላም ኣውቃፍ፡ ተኸሳሲ መሓመድኖር ዓሊ ሳልሕ፡ ብዝዕባ ገዛ ክራይ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጥ።

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ዓንሰባ ከረን

ወ/ሮ ለድያ ብርሃ፡ ሰም ትሕቲ ዕድመ ጓለይ ናህዲ ዓብደልርሐም ማሕሙድ ምባል ተረፉ፡ ሰሊና ዓብደልርሐም ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሕርይቲ ጺጋይ ኖራይ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ጉት የማ፡ ናይ ካሕሳ ጉዳይ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን13/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ክፍልጢ።

---

ኣነ ዑቕባ ተድላ ጭሩም ዝተበሃልኩ፡ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ማይ ተመናይ ፕሎት 16 ፓርሰል 10 ASP00010650 ዚፕ-ኮድ ማይ -ተመናይ 1A152 ጉደና ጨለማ 158-36 ቁጽሪ ገዛ 34 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ብመሰለይ ንብረት ቁጽሪ 56316/92941-1፡012763/1 ብስመይ ተመዝጊቡ ዋንኑ፡ ዝተረጋገጸ ገዛይ ስለ ዝሸጥክዎ'ሞ ሰም ዋንነት ናብ ሰም ዓናጊ ከመሓላልፎ ስለዘደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጽኣሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ።

ወ/ሮ ዑቕባ ተድላ ጭሩም

---

## ምልክታ ጨረታ

ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ፡ ኮምፕዩተር፡ ፕሪንተር፡ ፎቶ- ኮፒያርን ፋክስን፣ ጸገናን ሰርቪስን ክገብር ስለዝደለየ ተጫረትቲ ይዕድም።

1. ተጫረትቲ ናይ 2019-2020 ዝተሓደሰ ናይ ንግዲ ፍቓድ ወይ ግብሪ ከምዝኸፈሉ መረጋገጺ ሰነድ ኮፒ የቕርቡ።
2. ተጫረትቲ ዘይምለስ 50 ናቕፋ ብምኽፋል፡ ካብ ኣሃዱ ዕድጊ ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
3. ተጫረትቲ 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ መኽበሪ ጨረታ ብጥረ-ገንዘብ ወይ CPO የትሕዙ።
4. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጽኣሉ ዕለት ኣትሒዙ ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ክፉት ኮይኑ፡ ንጽባሒቱ ልክዕ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዝተረኽቡሉ ሰዓት ይኽፈት።
5. ንዝያዳ ሓበሬታ ብቑ.ተሌፎን 400111 ወይ 401650 ምውካስ ይከኣል።
6. ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ፡ ጨረታ ብምልኡ ወይ ብከፊል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ምምሕዳር ዞባ ዓንሰባ

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ሃገራዊ ውድድር ትሕቲ 23 ዓመት ናብ ውድድራት ፍርቂ ፍጻመ በጺሑ

ካብ 02 ሓምለ ኣትሒዙ ብድሙቕ ስነስርዓት ዝተኸፍተ ዘሎን ኩሉን ዞባውያን ፈደረሽናትን ሳዕሪታት ትካላት ትምህርትን ዝሳተፉሉ ዘለዎ ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ናብ ውድድራት ፍርቂ ፍጻመ በጺሑ።

ኣብዚ መስርዕ፡ ሰንበት 09 ሓምለ ካብ ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቀትሪ ኣትሒዙ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት፡ ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ማእከል ኣንጻር ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ደቡብ እየን ናይ ፍርቂ ፍጻመ ውድድረን ኣሳሰለን። እዚ ውድድር ካብ ፈለማ ኣትሒዙ እዩ ብዝናብ ተሰንዩ ክካየድ ጀሚሩ። ጸወታ ብሓያል ተወዳደርቲ ክልቲአን ጋንታታት ብጽቡቕ እናቐጸለ ኣብ መበል 12 ደቒቕ ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ማእከል ብመንገዲ ኣሚር መርሃዊ ቀዳመይቲ ሹቶ ረኺቡ፡ ቀጺሉ'ውን ኣብ መበል 18 ደቒቕ ብመንገዲ ኣጥቃዒያ ፍናን ተስፋይ ካልኣይቲ ሹቶ ወሲኹ። በዚ ድማ ጸወታ ብመራሕነት ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ማእከል 2-0 ናብ ዕረፍቲ ኣምረሐ።



ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ተጻወትቲ ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ማእከል ኣይተኻእሉን። ኣብ መበል 56 ደቒቕ ከምኡ'ውን ኣብ መበል 58 ደቒቕ ብፍጹም ቅሉዕ መቐጸዕቲ ብሳልሕ ሰዒድ፡ ኣብ መበል 62 ደቒቕ ድማ ብፍታን ብርሃ ሰለስተ ሹቶታት ብምውሳኽ መራሕነታ ናብ 5-0 ክብ ኣቢላቶ። ተጻወትቲ ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ደቡብ ዋላ እኳ ኻሹቶ ዝኾና ፈተነታት እንተ ኣካየዱ፡ ክሰልጥም ግን ኣይከኣለን። ጸወታ ድማ ብዓወት ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ማእከል 5-0 ተዛዚሙ። ሳልሕ ሰዒድ ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይዚ ግጥም ኮይኑ ተሸሊሙ። በዚ ውጽኢት፡ ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ማእከል ናብቲ 13 ሓምለ ዝካየድ ውድድር ፍጻመ ሓሊፋ ኣላ።

ድሕሪ ምዝዛም ናይቲ ግጥም ኣሰልጠንቲ ክልቲአን ጋንታታት ናብ ጋዜጣዊ መግለጺ እዮም ኣምሪሖም። ፈለማ ኣሰልጣኒ ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ማእከል ኣቶ ኤርምያስ ተወልደ (ቲሉ)፥ "ስልቲ ጸወታ ኣንጻር ጋንታና ኣጸቢቕካ ዓጺኻ ኣንጻር ጋንታኻ ምሓዝ እዩ ነይሩ። ንሕና ድማ ነዚ ቅዲ ጸወታ ብምፍራስ ናብ ረብሓና ብምቕያር ክንዕወት ክኢልና" ኢሉ ተዛሪቡ። ንሱ ብዘይካዚ፥ ካብ ፈለማ ምድላዋቶም ዋንጫ ንምውሳድ ምንባሩ ብምግላጽ፡ ሕጂ'ውን ዝሓለምዎ ናይ ፍጻመ ውድድር ምድላዋቶም ኣጽሪፎም ኒታ ተዓሊያ ዘላ ዋንጫ ናብ ከቢዶም ከእትውዋ ምዃኖም ብምሉእ ምትእምማን ገሊጹ።

ኣሰልጣኒ ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሰለሞን ብወገኑ፡ ሕርይቲ ጋንታ ዞባ ማእከል ብኣካላዊ ብቕዓት ኮነ ብቴክኒክ ብስሉት ዘለዎም ተጻወትቲ ሒዛ ምቕራባ ብምጥቃስ፥ ንሳቶም'ውን ብዘለዎም ዓቕሚ ዝከኣሎም ከም ዝገበሩ'ዩ ኣብሪሁ። ንሱ ብዘይካዚ፥ ከምዚ ክካየድ ዝቐጸለ ሃገራዊ ውድድር ብቕጻሊ ምስ ዝካየድ፥ ብሉጻት ተጻወትቲ ኣብ ምፍራይ ዘለዎ ግደ ልዑል ብምዃኑ፥ ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ብቐጻሊ ውድድራት ክሰርዕ ድማ ተላብዩ።

## ሻምፕዮን ኲዕሶ ሰኪዕት ይቕጽል

ሻምፕዮን ጋንታታት ቀዳማይ፥ ካልኣይን ሳልሳይን ዲቪዥን ዞባ ማእከል፥ ቀዳምን ሰንበትን ብቝጽሪ ብርክት ዝበሉ ተዓዘብቲ ኣብ ዝተረኸብሉ ኣብ ሜዳ ኣስመራ ቦቺፊላ ቀጺሉ ከም ዝወዓለ ህዝባዊ ርክባት ፈደረሽን ኲዕሶ ሰኪዕት ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

ብቐዳም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ግጥመን ዘካየዳ ናይ ሳልሳይ ዲቪዥን ጋንታታት ማሪት'ን ኣሰርን እየን ነይረን። ማሪት ድማ ብ20 ሹቶታት በሊጻ 59-ብ39 ተዓዊታ። ድሕሪኡ ግጥም ኮኾብን ኣማዞንን ክፉለማ ከለዋ፥ ኮኾብ ድማ ብበፊሕ 61-ብ13 ክትዕወት ክኢላ ኣላ። ብዘይካዚ፥ ኣብቲ ዕለት ተስፋ ንዊርስ 38-ብ34 ኤይ ኤስ ኤም4 ንኤይ ኤስ ኤም3 ድማ ብጸቢብ 27-ብ26 ኣፉኛንአን።

ብሰንበት ኣብ ዝቐጸለ ውድድር፥ ካብ ጋንታታት ሳልሳይ ዲቪዥን ኤይ ኤስ ኤም1 ንዕዲጋ ሓሙስ 43-ብ34 ክትረትዓ ከላ፥ ካብ ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥን ከኣ ዕዲጋ ሓሙስ ንኣሰር 45-ብ38 ኣፉንያታ። ድሕሪዚ ግጥም እቲ ኣፍቀርቲ ኲዕሶ ሰኪዕት ብሃንቀውታ ዝጸበይዎ ዝነበሩ ግጥም ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ሴቲ ሰንተርን ዓንበርበብን እዩ ተኻይዱ። ኣብዚ ብወገን ክልቲአን ጋንታታት ህልኽ ዝመልአ ጸወታ ዝተርኣየሉ ውድድር፥ ዓንበርበብ እያ ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ሴቲ ሰንተር 50-ብ44 ተዓዊታ። ኣብዚ ግጥም ተጻወትቲ ዓምበርበብ ሃይለ ኢሳቕን ናኦድ ጸሃየን ኣብ ዓወት ጋንታኦም ብዘበርከትዎ ኣስተዋጽኦ ናይ ተዓዘብቲ ናእዳ ክረኽቡ ከለዉ፥ ተጻወትቲ ሴቲ ሰንተር ኣቤል የውሃንስን ሰምኦን ተኸስተን እውን ዋላ ጋንታኦም ካብ ስዕረት ኣይትናገፍ ብሉጽ ጸወታ ኣንጸባሪቖም እዮም።



ድሕሪ ግጥም ዓምበርበብን ሴቲ ሰንተርን ንሜዳ ዝኣተዋ ብኣሰልጣኒ ኣቤል የውሃንስ እትእለ ሳዋን እታ ብኣሰልጣኒ የሴፍ ንጉሰ እትምራሕ ሓሬናን እየን ነይረን። እዘን ክልተ ጋንታታት'ውን እንተኾነ ንተዓዘብቲ መሳጢ ዝኾነ ጸወታ እየን ኣንጸባሪቐን። ብፍላይ ተጻዋታይ ክለብ ሓሬና ኤቨን ዘርኡ ዘርእዮ ዝነበረ ማራኺ ጸወታ፥ ንተዓዘብቲ ብፍሉይ ማሪኹ'ዩ። ኣብዚ ግጥም ኣብ ሳልሳይ ክፋል (ኳርተር) ናይ ሓሬና ናህም ተከኤ (ኣርባዕ) ካብ 22 ሜትሮ ናይቲ ሜዳ ብዘቖጸራ ሹቶ ፍሉይ ታሪኽ ክሰርሕ በቒዑ ኣሎ። ኣብ ሜዳ ቦቺፊላ ኣስመራ ዝነበሩ ኣፍቀርቲ ኲዕሶ ሰኪዕት ድማ ንደቓይቕ ብጣቕዒት ናእዳኦም ከበርክቱሉ ተራእዮም እዮም። እዚ ግጥም ብሰንኪ ዝወቕዐ ዝናብ ክሳብ መወዳእታ ክቕጽል ብዘይምኽኣሉ፥ ናብ ዝቕጽል መዓልታት ምስጋጉሩ ካብ ቤት ጽሕፈት ፈደረሽን ኲዕሶ ሰኪዕት ዞባ ማእከል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

## ማጓየር ናብ ዕዳጋ ወሪዱ




እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ንተኸላኻሊያ ሃሪ ማጓየር ናብ ዕዳጋ ከም ዘውረደቶ መርበብ ሓበሬታ ደይሊ መይል ኣፍሊጡ። እዚ ወዲ 30 ዓመት ተጻዋታይ ኣብ 2019 እዩ ብ80 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ሬድ ዴቨልስ ተጸንቢሩ። ክሳብ ሕጂ ድማ እቲ ዝኸበረ ተኸላኻሊ ዓለም ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። ይኹን'ምበር፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋናት ምስ ቀዳሞት ተሰለፍቲ ማንቸስተር ዩናይትድ ዝበሮ ቦታ ክስእን ከም ዝተራእየ ይፍለጥ። ንኣብነት ዝሓለፈ ዓመት ኣብ 16 ዝተፈላለዩ ጸወታታት ጥራይ'ዩ ሜልያ ሬድ ዴቨልስ ወደዩ ኣብ ሜዳ ተራእዩ። ኣሰልጣኒ ማንቸስተር ዩናይትድ ኤሪክ ተን ሃግ፥ ነዚ ተጻዋታይ ካብ ኦልድ ትራፎርድ ክፉንዎ ወሲኑ ከም ዘሎ'ዩም ምስ ዩናይትድ ቅርበት ዘለዎም ወርሓት ዝተተርፉ። ብመሰረት ማንቸስተር ኢቨኒንግ ኒውስ ዝተባህለ ማዕከን ዜና ዝዘርገሖ ሓበሬታ፥ ሓለፍቲ ዕድጊ ዩናይትድ ዋጋ እቲ ተጻዋታይ 50 ሚልዮን ፓውንድ ምዃኑ ኣፍሊጦም ኣለዉ። ማጓየር ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ገና ናይ ክልተ ዓመት ውዕል'ዩ ተሪፉዎ ዘሎ። ኣብዚ እዋን ራፋኤል ቫራን ሊሳንድሮ ማርቲነዝ፥ ቪክቶር ሊንደሎፍን ለካ ሻው'ን ብኣሰልጣኒ ኤሪክ ተን ሃግ ተሓርዮም ዘለዉ ተኸላኸልቲ ማንቸስተር ዩናይትድ እዮም። ኣብ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ዝኾነ ሃሪ ማጓየር፥ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ምስ ኣሰልጣኒ ኤሪክ ተን ሃግ ተራኺቡ ከም ዝዘተየ እዩም እሙናት ምንጭታት ኦልድ ትራፎርድ ዝገለጹ። ሓለፍቲ ዕድጊ ማንቸስተር ዩናይትድ ኣውጺኦሞ ዘለዉ ዋጋ ሃሪ ማጓየር፥ ብዝኾነ ክለብ ተቐባልነት ክረኽብ ዘለዎ ተኽእሎ ጸቢብ ምዃኑ'ዩም ብዙሓት ወርሓት ዝተተርፉ። እዚ ተጻዋታይ ክሳብ ሕጂ ኣብ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ብምዃኑ ግን ጠለብ ክረኽብ ከም ዝኽእል ይገብር። ንሱ ኣብ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ተሰላፊ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ንኽኸውን ግን ናይ ጸወታ ግዜ ከም ዘድልዮ ዘማትእ ኣይኮነን። ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ጋረዝ ሳውዝ ጌይት እውን እንተኾነ ብዛዕባዚ ጉዳይ ብግልጺ ተዛሪቡ'ዩ። እቲ ተኸላኻላይ ድማ ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ'ዩ ዝመስል ኣብዚ እዋን ምስ ናይ ቅድም ተኸላኻላይ ቸልሲ ሪካርዶ ካርቫሎ ኮይኑ ኣብ ፖርቱጋል ኣብ ከቢድ ልምምድ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ማጓየር ኣብዚ ናይ ክረምቲ መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ካብ ማንቸስተር ዩናይትድ ምስ ዝወጽእ፡ ፖርቱጋላዊ ብሩኖ ፈርናንደስ ቀዋሚ ሓላፊ ጋንታ ዩናይትድ ከም ዝኸውን ይሕበር።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

• ብመሰረት ጋዜጣታት ጀርመን ዝዘርገሐኦ ዘለዋ ሓበሬታታት፥ ባየር ሙኒኽ ንካልኣይ ግዜ ንኣጥቃዓይ ቶተንሃም ሃሪ ኬይን ንምፍራም ተበግሶ ወሲዳ ኣላ። ሙኒኽ ኣብዚ ካልኣይ ፈተነ 70 ሚልዮን ፓውንድ ሒዛ'ያ ማዕጾ ስፐርስ ትኹሕኩሕ ዘላ። እዛ ጋንታ ቀዲማ ዘቕረበቶ 60 ሚልዮን ፓውንድ፥ ብሓለፍቲ ቶተንሃም ተቐባልነት ክረኽብ ከም ዘይከኣለ ይፍለጥ።

• ኣብዚ ናይ ክረምቲ መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ብንጥፈት ትዋሳእ ዘላ ኣርሰናል፥ ንኣጥቃዓይ ሞንትሬል ኤሊ ዋዚ ንምፍራም ምስ ቸልሲ ኣብ ከቢድ ጥምጥም ኣትያ። ቸልሲ ነዚ ወዲ 20 ዓመት ተጻዋታይ ናብ ስታንፎርድ ብሪጅ ንምምጻእ ኣበርቲዓ'ያ ትሰርሕ ዘላ። ዋዚ ዝሓለፈ ዓመት ነዛ ፈረንሳዊት ጋንታኡ ኣብ 33 ጸወታታት 19 ሹቶታት ከመዝገበላ ክኢሉ'ዩ።

• ዝመጽእ ዓመት ስፖርት ናይ ሻምፕዮን ሊግ ኤውሮጳ ቦታኣ ኣውሒሳ ዘላ ነውካስል፥ ንተኸላኻላይ ሳውዝሃምፕተን ካይል ዎከር ፒተርስ ንምፍራም ትሰርሕ ከም ዘላ ተገሊጹ።

• ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ጀርገን ክሎፕ፥ ናይ ምኽፍፋል መስመሩ ንምድልዳል ንቱራም ካብ ኒስ ከምጽእ ጻዕርታት ይገብር ኣሎ። ሊቨርፑል ኣብዚ ናይ ክረምቲ መሰርሕ ምስግጋር ተጻወትቲ ንኣከፋፈልቲ ኣለክሲስ ማክ ኣሊስተርን ዶሚኒክ ሶባዞላይን ከም ዘፈረመት ኣይርሳዕን።

• ናይ ቅድም ኣከፋፋሊ ሪያል ማድሪድ ዣቢ ኣሎንሶ፥ ከም ኣሰልጣኒ ኮይኑ ናብ በርናቡ ክምለስ ከም ዝኽእል ይሕበር ኣሎ። ኣሎንሶ ኣብዚ እዋን ኣሰልጣኒ ጀርመናዊት ክለብ ባየር ለቨርኩሰን ኮይኑ'ዩ ዝዓዪ ዘሎ። ኣሰልጣኒ ሪያል ማድሪድ ዘሎ ካርሎ ኣንቸሎቲ፥ ኣብ ውድድር ኮፓ ኣመሪካ ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ክኸውን ተሰማሚዑ ብምህላዉ'ዩ ኣሎንሶ ናብ በርናቡ ክመጽእ ምኽንያት ዝገለጽ ዘሎ።




• ከዋኽብቲ ተጻወትቲ እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ ሃኪም ዚየችን ፔረ ኤመሪክ ኣቡሙያንግን ካብ ስታንፎርድ ብሪጅ ወጺኦም ናብ ክለባት ስዑዲ ዓረብ ክኸዱ ተቓሪቦም ከም ዘለዉ ይግለጽ ኣሎ። ሞሮካዊ ሃኪም ዚየች ምስ ፖርቱጋላዊ ክርስትያኖ ሮናልዶ ኣብ ክለብ ኣል-ነስር ክጽንበር ምዃኑ ክግለጽ ከሎ፥ ኣቡሙያንግ ከኣ ምስታ ብኣሰልጣኒ ስቴቨን ጀራርድ ትእለ ዘላ ክለብ ኢቲፋቕ ክጽንበር ምዃኑ ይሕበር።

• ሓላፊ ጋንታ ኣርሰናል ዝነበረ ግራንት ቻካ ካብ ኤምሬትስ ይፋኖ ከም ዘሎ ብወግዒ ኣፍሊጡ። ጀርመናዊት ክለብ ባየር ለቨርኩሰን ነዚ ተጻዋታይ ብ25 ሚልዮን ፓውንድ ከም ዘፈረመቶ'ውን ኣፍሊጣ ኣላ። ወዲ 30 ዓመት ግራንት ቻካ ዝሓለፈ ዓመት ሸውዓተ ሹቶ ከመዝገበ ከሎ፥ ሸውዓተ ካኣ ሹቶ ዝኾና ኩዕሶ ከም ዝሰርሐ ሰነዳት ጋርስ የረድእ። እዚ ስዊዘርላንዳዊ ተጻዋታይ ኣብ ኣርሰናል ኣብ ዝጸንሓሉ ግዜ 297 ጸወታታት ክስለፍ በቒዑ'ዩ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ህ.ሪ.ቻይና - ኣብ መዋእለ-ህጻናት መጥቃዕቲ ተፈጺሙ

ኣብ ደቡባዊ ክፋል ህዝባዊት ረፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ ሓደ መዋእለ-ህጻናት ብዝተኻየደ ናይ ስሕለት መጥቃዕቲ፡ ሰለስተ ህጻናት ዝርከብዎም ሽዱሽተ ሰብ ከምእተቐትሉ ተገሊጹ።

በቲ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዞባ ጉዋንዶንግ ኣብ እትርከብ ሊያንጂንግ ዝተባህለት ከተማ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ፡ ካልእ ሓደ ሰብ እውን ከምዝቆሰለ ሰበስልጣን ናይታ ከተማ ሓቢሮም።

እቶም ግዳያት - ሓደ መምህር፡ ክልተ ወለዲ ተማሃሮ፡ ሰለስተ ደማ ህጻናት ተማሃሮ ምዃኖም ዝጠቐሱ እቶም ሰበስልጣን፡ ነቲ መጥቃዕቲ ዝፈጸመ ወዲ 25 ዓመት ጥርጡር ብኡ ንብኡ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ፖሊስ ከምዝኣተወ ገሊጾም።

ዋላኳ መንግስቲ ህሪቻይና ጽጥታዊ ኩነታት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምምሕያሽ ብዙሕ ጻዕሪታት የካይድ እንተሎ፡ እታ ሃገር ግን ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ኣብ ኣብያተ-ትምህርታ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲታት ስሕለት ኪጋጥማ ከምዝጸንሐ እዮም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

ንኣብነት፡ ኣብ ዝሓለፈ ኑሓሰ ህይወት ሰለስተ ሰብ ዝቐጠፈ፡ ኣብ ሚያዝያ 2021 ክልተ ህጻናት ዝቐተለን ካልኦት 16 ዘቑሰለን፡ ኣብ ሰነ 2020 ድማ 37 ተማሃሮ ዝርከብዎም 39 ሰብ ዘቑሰለ መጥቃዕቲ ስሕለት ኣብታ ሃገር ተፈጺሙ ምንባሩ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ይሕብሩ።



## ሰ/ኮርያ፡ ነፈርቲ ኣመሪካ ክትወቅዕ ምዃና ኣጠንቂቓ

ሰሜን ኮርያ፡ ናይ ስለያ ወተሃደራውያን ነፈርቲ ኣመሪካ ንኢ-ኣየራ ጥሒሰን ከምዝበረራ ብምኽሳስ፡ ካብ ሎሚ ንደሓር ተመሳሳሊ ተግባር ምስ ዝፍጸማ ተኩሳ ከተውድቐን ከምእትኽእል ኣጠንቂቓ።

ወግዓዊ ኣገልግሎት ዜና ሰሜን ኮርያ (KCNA) ንሚኒስትሪ ምክልኻል'ታ ሃገር ብምጥቃስ ትማሊ ሰኑይ ኣብ ዘርግሖ መግለጺ፡ ሓንቲ ንበረት ሓይሊ ባሕሪ ኣመሪካ ዝኾነት ናይ ስለያ ነፋሪት፡ ዝሓለፈ ሰሙን ሓያለ ኪሎሜተር ናብ ወሽጢ ክሊ-ኣየር ሰሜን ኮርያ ጥሒሳ ብተደጋጋሚ ከምዝበረረት ከሲሱ።

እቲ መግለጺ ወሲኹ፡ ካብ ሕጂ ንደሓር ንክሊ-ኣየር ሰሜን ኮርያ ክጥሕሳ ዝፍትና ወተሃደራውያን ነፈርቲ ኣመሪካ፡ ብሚሳይል ተወቒዐን ካብ ምውዳቕ ዘድሕነን ዝኾነ ውሕስነት ከምዘይብለን ኣጠንቂቑ።

እንተኾነ ቤት-ጽሕፈት ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ኣብ ዝሃቦ ምላሽ፡ እቲ ፕዮንግያንግ ዘቕረበቶ ክሲ ሓቅነት ከምዘይብሉ ድሕሪ ምግላጹ፡ እተን ነፈርቲ ኣብ ሰማያት ሓወሲ-ደሴት ኮርያ ልሙድ ወተሃደራዊ ንጥፈታተን ካብ ምክያድ ሓሊፈን ንክሊ-ኣየር ሰ/ኮርያ ናይ ምጥሓስ ተግባር ከምዘይፈጸማ ሓቢሩ።



ሰሜን ኮርያ ብዘይካ'ዚ፡ ኣመሪካ ኣብቲ ዞባ ብተደጋጋሚ እተካይዶ ዘላ ወተሃደራዊ ምትሽትታሽ፡ ንሓወሲ-ደሴት ኮርያ ኣብ ኣፈፌት ኑክሊሳዊ ኣኪ፡ ኣብጺሑዎ ከምዘሎ ኣጠንቂቓ።

ዝሓለፈ ወርሒ፡ ብኑክሊሳዊ ጸዓት እትንቀሳቐስን ክሩዝ ሚሳይል ዝዓጠቐትን መርከብ ትሕተ-ባሕሪ (ሳብማሪን) ኣመሪካ፡ ኣብ ወደብ በሳን - ደቡብ ኮርያ በጺሓ ከምዝበረት ይግለጽ።

እታ ሳብማሪን ናብ ማያት ደቡብ ኮርያ ክትበጽሕ ዝኸኣለት፡ ሓይሊታት ኣመሪካን ደቡብ ኮርያን ብኣየርን ብባሕርን ወተሃደራዊ ልምምድ ኣብ ዘካይዳሉ ዝነበሩ እዋን እዩ።

ኣብቲ ልምምድ እንተላይ ስትራተጂያውያን ናይ ደብዳብ ነፈርቲን ነፈርቲ እትሽከም ዓባይ መርከብ ውግእን ኣመሪካ ክሳተፋ እንከለዋ፡ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ድማ፡ ሚሳይላት ሰ/ኮርያ ንኣመሪካ እናደብደባ እንከሎ ዘርኢ ፖስተራት ዝሓዘ ኣሽሓት ህዝቢ ዝተሳተፎ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ኣብ ኣደባባይ ፕዮንግያንግ ከምእተኻየደ ይዝከር።

## ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ልዕሊ 200 ስደተኛታት ዝጸዓነት ጃልባ ተሰዊራ

ብዙሓት ቈልዑ ዝርከቡዎም ብውሑዱ 200 ስደተኛታት ጸዒና ካብ ገማግም ባሕሪ ሴኔጋል ዝተበገሰት ንእሽቶ ጃልባ፡ ኣስታት 1,700 ኪሎሜተር ምስ ተጓዓዘት ከምእተሰወረት ይግለጽ ኣሎ።

እታ ዓሳ ንምግፋፍ ተባሂላ ዝተሰርሐት ጃልባ፡ ነቶም ስደተኛታት ሒዛ ካብ እትነፍጽ ዛጊት ሰሙን ኣሕሊፉ ከምዘሎ ዝጠቐሳ ማዕከናት ዜና ስጳኛ፡ ሓይሊ ባሕሪ ስጳኛ ኣብ ማያት ደሴታት ካናሪ ይደልያ ከምዘሎ ሓቢረን።

እታ ዝሓለፈ 27 ሰነ ካብ ደንደስ ባሕሪ ሴኔጋል ዝተበገሰት ጃልባ፡ ናብ'ተን ኣብ ትሕቲ ግዝኣት ስጳኛ ዝርከባ ደሴታት ካናሪ ተምርሕ ምንባራ እየን ዝተፈላለዩ ምንጪታት ዜና ዘመልክታ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ ማያት ደሴታት ካናሪ ስደተኛታት ዝጸዓና ካልኦት ክልተ ጃላቡ'ውን ተሰዊረን ከምዘለዋ፡ 'ዎኪን ቦርደርስ' ንዝተባህለ ማሕበር ረድኤት ብምጥቃስ ሮይተርስ ኣቃሊሑ።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ፡ እታ ሓንቲ ጃልባ 65፡ እታ ካልኣይታ ድማ 60 ስደተኛታት ጸዒነን ከምዝነበራ እዩ ተመልኪቱ።

እዚ ማለት እምበኣር፡ ኣብዚ ዝተጠቐሰ ማያት ብጠቕላላ ልዕሊ 300 ስደተኛታት ተሰዊሮም ኣለው።




## ፕረዚደንት ኤርዶጋን፡ ሕ/ኤውሮጳ ንቱርኪ ማዕጾኡ ክኸፍት ጸዊዑ

መራሒ ቱርኪ ፕረዚደንት ረሲፕ ጣይፕ ኤርዶጋን፡ ንሕቶ ሽወደን ኣብ ኔቶ ምስ ሕቶ ቱርኪ ኣብ ሕብረት ኤውሮጳ ብምትሕሓዝ፡ "ዘይትጸበታዊ ስጉምቲ" ክበሉ ብዙሓት ወኸርቲ ርእይቶኦም ይሃብሉ ኣለው።

እቲ ፕረዚደንት ትማሊ ሰኑይ ናብ ዓመታዊ ዋዕላ መራሕቲ ኔቶ ቅድሚ ምብጋሱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ቱርኪ ንሕቶ ኣባልነት ሽወደን ኣብቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ክትቅበሎ እንተድኣ ኰይና፡ ንቕድም ንባዕላ ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ክትከውን ከምዘለዋ ኣዘኻኺሩ።

ቱርኪ ናብ ሕብረት ኤውሮጳ ንምጽንባር መንገዲ ዝጀመረቶ ዝርርብ ኣብ 2005 ምስ ሰብመዚ'ቲ ሕብረት ጀሚራ ከምዝነበረት፡ እንተኾነ እቲ ማእርሕ ንዓመታት ዝኣክል ደሲኩ ከምዘሎ እዩ ዝግለጽ።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ኣንቃራ ብፍላይ ድሕሪቲ ኣብ 2016 ዘጋጠማ ፈተነ ዕልዋ መንግስቲ፡ ምስ ኣባላት እቲ ሕብረት ዝበራ ዝምድና ናብ ዝተሓተ ደረጃኡ እዩ ኣንቆልቍሉ ጸኒሑ።

እንተኾነ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ዋሕዚ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ንምግታእን ካልእን ኣብ ሓገዝ ናይታ ኣባል ኔቶ ዝኾነት ቱርኪ ስለዝምርኮሱ እቲ ተበላሽዩ ዝነበረ ዝምድና ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ክመሓየሽ ክኢሉ እዩ።

ቱርኪ፡ ንሕቶ ሽወደን ምስ ጉዳይ ናይ'ቶም 'ኣብ ስቶክሆልም ይዕቀቡ ኣለው' እትብሎም ተቓወምታ (ፒኬኬ) ብምትእስሳር እያ ክትርእዮ ጸኒሓ።

ፕረዚደንት ኤርዶጋን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ግን፡ "ቱርኪ ንልዕሊ 50 ዓመታት እያ ማዕጾ ሕብረት ኤውሮጳ ኳሕኲሓ፡ ሕጂ ከኣ ንሽወደን ናብ ኔቶ ማዕጾ ክንከፍተላ እንተኾይና፡ ንቕድም እቲ ሕብረት ንቱርኪ ማዕጾኡ ክርሕውላ ኣሎዎ" ክብል ቅድሚ ሎሚ ኣልዒልዎ ዘይፈልጥ ቅድመኩነት ኣቕሪቡ።



እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ፡ ነቲ ጉዳይ ኣብቲ ኣብ ሊትዌንያ ዝካየድ ዓመታዊ ዋዕላ ናይቲ ወተሃደራዊ ኪዳን ከቕርቦ ምዃኑ'ውን ሓቢሩ።

ሽወደንን ፊንላንድን ነቲ ዝበረን ምስ ዝኾነ ወተሃደራዊ ኪዳን ናይ ዘይምጽንባር ፖሊሲአን ጠንጢነን ዝሓለፈ ዓመት ምስ ኔቶ ክጽንበራ ሕቶ ኣቕሪበን ከምዝነበራ ዝዝከር ኩይኑ፡ ፊንላንድ ክሰልጣ እንከላ፡ ሽወደን ግን ሕቶኣ ክሳብ ሕጂ ብቱርኪን ሃንጋሪን ተቐባልነት ኣይረኸበን ዘሎ።

## ዒራቕ፡ ኣብ ጸዓት ናይ 5,000 ሜጋዋት ክሳራ ኣጋጢሙዋ

ኢራን ናብ ዒራቕ እትልእኾ ዝነበረት መጠን ባህርያዊ ጋዝ ብፍርቂ ድሕሪ ምጉዳሉ፡ ዓቕን ኤሌክትሪክስቲ ዒራቕ ብኣስታት 5 ሽሕ ሜጋዋት ከምዝዘሓለ ተገሊጹ።

ሚኒስትሪ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክስቲ እታ ሃገር ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ጥቕዲድ ኣብዚ እዋን ብጠቕላላ ናይ ኣስታት 10 ሽሕ ሜጋዋት ሕጽረት ጸዓት ኣጋጢሙዋ ከምዘሎ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ በዚ ምኽንያት ናብ ኩሉም ዜጋታታ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክስቲ ንምብጻሕ ምሕር ተጸጊማ ከምዘላ ገሊጹ።

ዒራቕ ዋላኳ ብዕቑር ነዳዲ ዘይቲን ባህርያዊ ጋዝን ኣዝያ ሃብታም እንተኾነት፡ ጸዓት ዘመንጭዋ ዝጠዙሓ መደበራታ ግን ካብ ኢራን ተሸሚቱ ብዝኣቱ ጋዝ እየን ዝሰርሓ።

ኢራን ናብታ ጎረቤታ ዝኾነት ዒራቕ እትልእኾ ዝነበረት ባህርያዊ ጋዝ ብፍርቂ ከተጉድሎ ዝተገደደትሉ ቀንዲ ምኽንያት፡ ጥቕዲድ ዘለዋ ናይ ኣስታት 11 በልዮን ዶላር ወሀለል ዕዳ (ሽያጥ ናይቲ ጋዝ) ኣብ እዋኑ ክትከፍላ ስለዘይኽኣለት እዩ - ብመሰረት ጸብጻባት።

እንተኾነ፡ ዒራቕ ነቲ ዘለዋ ወሀለል ዕዳ ንምኽፋል ምስ ሰብመዚ ኢራን ክትዘራረብ ጀሚራ ከምዘላ ዝሓበረ ሚኒስትሪ ኣገልግሎት ኤሌክትሪክስቲ እታ ሃገር፡ እቲ ናይ ጋዝ ሕጽረት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ናብ ንቡር ክምለስ ትጽቢት ከምዘለዎ ገሊጹ።

ዒራቕ፡ ካብ ምርካሳ ባህርያዊ ጋዝ ኢራን ንምልቃቕ ነቲ ናይ ግዙፍነት ጸዓት ጸዓት ከተማዕብሎ ከምእትደሊ፡ በዚ ምኽንያት ምስቲ ኣብ ፈረንሳ ዝመደበሩ 'ቶታል ኢነርጂስ' ዝተባህለ ኮርፖረሽን ጸዓት ናይ 27 በልዮን ዶላር ውዕል ንምኽታም ትዳሎ ምህላዋ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።



ብመሰረት እቶም ጸብጻባት፡ ዒራቕ ኣብዚ እዋን ዘድልያ ዘሎ መጠን ጸዓት 34 ሽሕ ሜጋዋት ኩይኑ፡ እቲ እተፍርዮ ዘላ መጠን ጸዓት ግን 24 ሽሕ ሜጋዋት እዩ።

ሓንቲ ካብ ኣባላት ማሕበር ለኣኽቲ ነዳዲ (ኦፔክ) ዝኾነት ዒራቕ፡ ኣብ ከርሲ መሬታ ኣስታት 155 በልዮን በርሚል ነዳዲ ዘይቲን ኣስታት 3.96 ትሪልዮን ሜትሮ ኩቦ ዝዀኑ ባህርያዊ ጋዝን ከምዘሎ'ያ ትሕብር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ዳህላክ | 11/07/2023 | ጎደና ገጀረት - 751 ጥቓ ፋብሪካ ፊኖ ቀትሕ ባሕሪ | 188159 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services